ካልኣይ ምዕራፍ

ቤተ ክርስቲያን ካብ 7ይ - 12 ዘመን

መስመይቲ ግእዝ ኣግኣዝያን ወሓበሻት

ኣብ ካልኣይ ሺሕ ዓመታት ቅድመ ልደተ ክርስቶስ ሓረ ስቶት ተዛረብቲ ጀንቂ ግእዝ፡ ካብ ደቡብ ዓረብ ናብ ኤርትራ ሰጊሮም፡ ፈለማ ኣብ ደሴታት ዳህላክ ካብኡ ብዛሕሉን ብንፋሱን ይሓይሽ ናብ ዝበሉዎ ዝባውንቲ ኤርትራ ደይቦም ኣብ ከም በዓል ኣዱሊስ ቆሓይቶ፡ ተኸንዳዕ፡ ከሰከሰን መጠራን ዝመሰላ ከተማታት ብምቕማጥ በብቑሩብ ናብ ሱሉ መኣዝናት ተዘር ግሑ። ኣብኡ ምስ ማዕበሉ ኸኣ "ደኣመት" ዝብል መሳርግ ዝሓዘ ስርዐ መንግስቲ መስረተ።

ሳባውያን ዝመስረቱዎ ንግስነት ብሸዕታ ኣብ ከርሰ ምድርን ኣብ ልዕሊ ኣኻውሕን ኣእማንን ብውቕሮ ጽሑፍ ቀዳማይ ዝብ

---

60 Ch.S.E. p.25 *C.E.A. p. 109.

ሃል ዝተረኽበ መረዳኢታ ከም ዝሕብሮ፡ ካብ ክልተ ተወዳደርቲ ነገዳት ዝዓብለሉ ኣርባዕተ ነገስታት፡ "ወዐረነ ሐየወት (ዋዕራን ሕይወት)፡ ረደኣመ" (ራዳም) ክልቲኣም ካብ ሓደ ነገድ፡ "ረበሀ (ራባህ) ለመነ" (ላማን) እዚኣቶም ክልቲኣም ከኣ ካብ ካልኣይ ነገድ ዝሰልጠኑ ነገስታት ኮይኖም ሁሉም "ደኣመት" ዝብል መንግስቲ ነበሮም "ዋዕራን ሕይወት ንጉስ፡ ራዳም ንጉስ ወመ·ካሪብ ዘደኣመት፡ ላማን ንጉስ ወመ·ካሪብ ዘሳባ፡ ..." ይብሃሉ ነበሩ።

መርኢያ ናይ'ዚ ንመዋዕል ናብ ውሉድ ወለዶ እናተሰጋገረ ዝጸንሐ ንግስነት፡ ኣብ ከስከሰ ዝተረኽበን ክንዮ ሓመሻይ ዘመን ቅ.ል.ክ ምኻኑ ዝተገመተን ምስ ደቡብ ዓረባዊ ሓድጊ ዝዛመድ ስም ሓደ ካብ ትውልደ ሰላማት፡ ወዲ ወዱ ንሳሌም ዝኾነ ንጉስ ዋዕራን ሕይወት ክጥቀስ ይክኣል።[1]

እዞም ኣብ መንጎ 2000-1000 ቅ.ል.ክ ካብ ደቡብ ዓረብ ፈሊሶም ናብ ኤርትራ ዝገዓዙ ሳባውያን በብእዋኑ በብኽፋል ከም ዝሰገሩ፡ ፈለማ ኣብቲ መንግስቲ ቀረብ ዝኾኑ ነጋዶ፡ ብቑይሕ ባሕሪ እናተቑላቐሉ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ክገብሩ ድሕሪ ምጽናሕ ኩሉ ኩነታት ምስ ኣጽንዑ፡ ተኣኻኺቦም ጥርኑፋት ሕዝቢ ብባ ብኤል መንደብ (ኣፍ ደገ መከራ፡ ኣፍ ደገ ንብዓት) ከም ዝሰገሩ ይግመት።

ሽዑ ጐድኒ ጐድኒ ሕርሻ ዝነባበሩሉ ዝነበሩ ዝዓበየ ሃብቲ ጸጋ፡ ንግዲ ጕጭ ሓርግዝ ልውውጥ በበይኑ ዓይነት ሓጻውን

---

[1] ሀ. ደ. ኤ. ገጽ 286 * የብሔረ ሰቦች እኩልነት ተግባራዊነት በኢትዮጵያ 1980 ዓ.ም.ግ. ገጽ 44። * የኢትዮጵያ ታሪክ ለኢሕዲሪ ምስረታ የሰው ኃይል ሥልጠና የብዚኃኛ 1978 ዓ.ም.ግ ገጽ 10 * ኢ..ታ. ገጽ 69። * G. H. A. p. 199

[2] C.H.A. p. 125 - 126.

መሸጣ ባራዩ፡ ዋጋ ዕዳጋ ምልኩዓት ዕጸዋትን ቁራብትን ... ነበረ።

ጥንታዊ ፍልሰተ ሳባውያን 2000-1000 ቅ.ል.ክ እኳ እንተ ኾነ ናብ ሰሜናውን ደቡባውን ሽነኻት ምምቕቓልን ምዝርጋሕ ንሲ ኣብ ሳልሳይ ዘመን ቅ.ል.ክ ኣቢሉ ኢዩ ዝኽሰት።[2]

ካብ 300 ዓመታት ቅ.ል.ክ ንደሓር ናብቲ ቅድመ ኣኹሱማዊ ዝጽዋዕ ስርዋ ንግስነት ይሰጋገር ማለትዩ። (ሽዑ ኽተማ ኣኹሱም ገና ኣይተመስረተትን።)[3]

ካብ'ቶም ብዙሓት ኮይኖም በብጥርኑፍ ዝሰገሩ ሳባውያን፡ አውራ ስመ.ያት ዝኾኑ ነገደ ኣግኣዝያንን ሓበሻትን ኢዮም። ነዚ ዝገልጽ ብሓደ ዛጊት ስመ ዘይተፈልጠ ንጉስ፡ ኣብ ኣዱሊስ ዝተተኽለ ሓወልትን ኣብ ደቡብ ዓረብ ዝጸንሐ ጽሑፍ ውቕሮ ኣእማንን ይጥቀስ።

"ገኣዚ፡ ግእዝ፡ ወይ ኣግኣዝያን" ኣብ ታሪኽ ኤርትራን ክን ዮኣ ክሳብ ትግራይን ስመ.ይን ውሩይን ቃል ኮይኑ ይርከብ። ጥንታዊ ጀንቂ ኣግኣዚያን "ግእዝ" ዝጽዋዕን ካብኡ ዝበቐለ ኾኣ፡ "ብሔረ ግእዝ፡ ብሔረ ኣግኣዝያን፡ ኣግኣዚት" እናተባህለ እንከላይ መጸውዒ ጥንታዊ ኤርትራ ክሳዕ ትግራይ ዝበጽሕ ክልልን ከም ዝነበረ መነግብተ ታሪኽ የረድኡ።

> "... ወበጽሐ (ማርቅዮን) በሐመር ሐይቀ ብሔረ ኣግእዚ ... ወዜ ነዎ (ሰላማ ለአትናቴዎስ) ... በእንተ ሃይማኖቶሙ ለብሔረ ኣግእዚ ... እስከ ይእዜ ትትፈሣሕ ወትትሐሠይ ግእዝ።[4]

ግእዝ ካብ ቅድሞ ኣትሒዙ "ኣገዛ፡ ኣጌዛት፡ ኣግኣዚ፡ ኣግኣዝ ያን፡ እግዚእ እናተባህለ ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ትርጉሙ፡ ናጻ፡ ዘይግዙእ ልዑል ጐይታ" ማለት ኢዩ። ኣብ ናይ ቀደም ጽሑፋት ብኽልተ

[3] N. E. B. 580.

[4] ስንክሳር ብራና 18 ታሕሳስን ናይ 26 ሓምለ ግእዝ

ነጥቢ ተፈልዩ፡ እግዚኣ፡ ብሔር ዝጽሓፍ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን ምኻኑ ንምምልካት ኢዩ።

ብዛዕባ ጽሑፍ ሓወልቲ ኣዱሊስ ዝተመራመረን ተዘዋዊሩ ዝተዓዘበን ጸሓፊ ታሪኽ ቆዝሞስ ከም ዝገለጾ፡ ዕላዊ ስያሜ ግእዝ ኣዝዩ ጥንታውን ካብ ኣዱሊስ ክሳብ ከባቢ ኣኹሱም ዝበጽሕ ምንባሩን የመልክት። ናይዚ ስምዚ ትእምርቲ ምስ ቀዳማዊት ወደባዊት ከተማ ኣዱሊስ ብመልክዓ ምድሪ ዝተተሓሓዘ ዞባ ደቡብ ኤርትራ ብዝተማዛበለ ቓል ልዉጥ ቅርጺ ሒዙ፡ "እካለ ጉዛይ" ኣብ ዝብል መጸውዒ ይርከብ።[5]

እቶም ካብ ክፍለ ሃገር ሰሓርታን (ምዕራብን ደቡባዊ ምዕራብን የመን) መጺኦም ዝብሃሉ ነገደ ሓበሻት ብወገኖም ኣብ ዝተወሰኑ ኣዝማን ምናልባት ካብ ሳልሳይ ዘመን ቅ.ል.ክ ንደሓር ብመዓርገ ንጉሰ ነገስት ካብ ኤርትራ ክሳብ ትግራይ የመሓድሩ ነበሩ። እዚኣቶም'ውን ኣውራ'ኳ ብወጻእተይናታት ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝዝውተር "ሓበሻ" (Abyssinia) ምድረ ሓበሻት ብዝብል መጸ ውዒ ኣስምዮም ኢዮም። እንተ ኾነ ካብ ናይ ባዕሎም ዕላዊ ስነ ጽሑፍን ቋንቋን ተገሰዮም ኣብ ግእዝ ተዋሒጦም ይርኣዩ።

ምትሕውዋስን ምትሕንፋጽን ዘለ'ኳ እንተ ኾነ፡ ኣግኣዝያን ዝዕብልሉዎም ሕዝቢ ናብ ሸነኽ ሰሜን ኤርትራ ሓበሻት ዝበዝሑ ዎም ኣሕዛብ ድማ ናብ ደቡብ ክንዮ ኤርትራ ክሳብ ሸነኽ ምብ ራቕን ደቡብን ትግራይ ዝኣንፈቶም እናስፋሕፍሑ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝጸንሑዎም መብዛሕትኦም ንሕዝበ ቢለን ኣገው ዝፈረዩ ትውልደ ኣበው ብዓብላሊ ስልጣኔን ንግስነትን ኣግኣዝያን ወሓ በሻት በብወገኖም ተለዓሉ።[6]

ሳባውያን ናብ ኤርትራ ምስ ሰገሩ፡ ኣብ ዘዝሓለፉዎን ዘዝሰፈ ሩዎን ቀጭት ነቲ ኣብ ደቡብ ዓረብ ዝነበሩዎ ቦታታት ኣመ

[5] The Eritrean Question by Eyassu Gayim (Dr) Uppsala 1992 Vol. 12 p. 50

[6] AMEH. 26 - 27 * I. E. P32 - 33. * Abys. 35.

ሳሲሎም ስም ዓድታትን ከባቢታትን ኣውጽኡ። ኣብኡ ዝርከቡ ኣብዚ ዝተደግሙ ኣስማት ንምሳሌ፡

"ሳባት" ካብ ዝብል ዓሰብ ምኽኑ እንተላይ ብስእለ ምድሪ (ማፕ) ተገሊጹ ስለ ዝተሓበረ፡ ፈለማ ንኣፍ ደገ ባሕሪ ዓሰብ ዝኾነ ፈቱ ሳባውያን ኢዮም ይብሉ ምሁራን። ምስዚ ተተሓሒዙ ብኣጸ ቀውዓ ግሪኽ ግብጻውያን ሳባቲኩም መርሶ ሳባ (ወደብ ሳባ) እዛ ናይ ሎሚ ግራር (ምጽዋዕ) እውን ካብ ቀደም ትጥቀስ።[7]

ሰሓርቲ፡ መደረ፡ ኣሕሰኣ (እምባ'ሕሰኣ)፡ ዳሕና (እምባ ብደሓን፡ ሰርዋን (ሰራዊ(ዮ)፡ ማእሪብ (መረብ) ወዘተ. ካብ ሰሜ ናዊ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ምብራቕ ትግራይ ካብ ገማግም ባሕረ ኤርትራ ክሳብ ሩባ ባርካን፡ ስግሩ ክሳብ ኣኹሱምን ዝሰፈርዎ ኣተሃናንጻ ኣባይትን ባህላዊ ነገራትን የረድእ።[8]

ከም ኩለን ብኻልእ ዝጽለዋ ጥንታውያን ሃገራት፡ ደቡብ ዓረባውያን (ሳባውያን) እውን ኣብ ብዙሕ መዳያት ጽልዋ ወይ ነጸብራቕ ምግዳፎም'ኳ ርዱእ እንተ ኾነ ምሉእ ብምሉእ ናታ ቶም ባህላዊ ቅዳሕ ኣትሪፎም ክብሃል ግን ኣይከኣልን።[9]

ካብ ኤርትራ ክሳብ ሰሜናውን ምዕራባውን ትግራይ ዝበጽሐ ኣብ መትከሽ ዕጣንን (መበኩርያ) ኣብ ኣስራዝታትን ዝተረኽበ ጽሑፍ ሳባውያን ስም ንጉስ ገደረት (ገጅረት) ሓዊሱ ንጉሰ ኣጌዛት (ኣግኣዝያን) ወጸረነ (ኣብ ጽሑፍ ሃም ተጠቒሱ ኣለ) መካሪብ ዘሳባ ወዘተ. ዝብሉ መግለጺታት ብኹሉ መረጋገጺታቱ መንነት ቀዳሞት ነገዳትን መዓርገ ስልጣኖምን ዝሕብር ሓደ ፍጹም ዝኾነ ጭብጢ ኣሎ።[10]

[7] ኣፈ ቅ. ገጽ 14, 71።

[8] E. J. D. p 23 * AMEH p. 27.

[9] AMEH. p. 31.

[10] E. J. D. p 27, 29, 42.

ኣብ ኣጋ ምጅማር ዘመነ ክርስትና ኣብ በበይነን ከተማታት ምሉእ ናጽነት ዘለዎም ስልጣናት ቀይሞም ካብ ጽልዋታት ስር ዓተ ባህሊ ደቡብ ዓረብ ብምልቓቕ ናይ ባዕሎም ዓብላሊ ባህላዊ ዓውደ ፍጻሜ ኣካየዱ።[11]

ስልጣኔ ኣግኣዝያን ውሓበሻት ብታሪኻዊ ጭብጥታት ተሰንዩ ክርኢ ኽሎ፡ ኣብ ሰለስተ ክፍልታት ክመቓቕል ይኽእል።

1. ሳባውያን ካብ ደቡብ ዓረብ መጺኦም ሴማዊ ቋንቋ፡ ጽሑፍ፡ ኪነ ጥበብን ዝመሰሉን ዘተኣታተዉሉ ካብ ቅድሚ 1000 ዓመታት ቅ.ል.ክ ብትውፊት ክመሓላለፍ ዝጸንሐ ክንዮ ሓሙሻይ ክሳዕ ሳልሳይ ዘመን ቅ.ል.ክ ድማ ኣብ ከም በዓል መጠራ ከስከሰ ዝርከብ ሓድጊ ህንጻታት ኣሰር ኪነ/ስነ ጥበባት ደቡብ ዓረባዊ ስርዓተ ኣምልኾ ዘንጸባርቕ ምስልታት ዝምስክሮ ኾይኑ ብመ ዋዕለ ሳባውያን ይፍለጥ።
2. ካብ ሳልሳይ ዘመን ቅ.ል.ክ ኣቢሉ ክሳዕ ምጅማር ቀዳ ማይ ምእተ ዓመተ ምሕረት፡ ኩሉ ሳባዊ ጽልዋታትን ባህልታትን ናብ ሃገራዊ ባህልታት ዝተወሃሃደሉ ጽሕፈተ ሳባውያን ብጽሕፈተ ፊደል ግእዝ ዝተተክኣሉን ኣጸሓሕ ፉኡ ካብ ፍኖተ ጸጋም፡ ናብ ፍኖተ የማን (መገዲ የማን) ዝተቐየረሉን ኣብ ሓወልትታት፡ ኣብ ኣኻውሕ፡ ኣብ ሓጻ ውንን ዓታሩን ዝተረኽቡ መረድእታት መዋዕለ መሰጋ ግሮ ምኽኑ ይሕብሩ።
3. ካብ ቀዳማይ ምእተ ዓመት ንደሓር፡ ምናልባት ክሳዕ ታሽ ዓይ ዓስራይ ዘመን ኣቢሉ ዝነበረ ክፍለ ዘመናት፡ ጸሓ ፍቲ ታሪኽ ዓለም "ስልጣነ ኣኹሱም" ዝብሉዎ (ኣብ ቀዳማይ ምእተ ዓመት ድሕረ ልደተ ክርስቶስ ከተማ ኣኹሱም ትምስረት) ዘመነ ተሓድሶ፡ መዋዕለ ሓዲስ

11 11 Abys. p 37.

12 C. H. A. Vol. 2 p. 262 - 263

ኮይኑ ይግለጽ።[12]

ግእዝ፡ ልሳንን ጽሑፍን ቤተ ክርስቲያን

ቋንቋ ግእዝ፡ ክሳዕ መበል 11-12 ዘመን፡ ኣብ ብዙሕ ክፋል ሕብረተ ሰብን ላዕለዋይ ስርዓተ ምምሕዳርን መዘራረብን መረዳድእን መራኸብን ቋንቋ ኾይኑ ከገልግል ዝጸንሐ፡ ድሕሪ ምእታው ክርስትና ናብ ምድረ ሓበሻ፡ ኣብ ክፍላ ራብዓይ ዘመን፡ ፊደል ግእዝ ብመድምጻን ኣስተናባብያን ነጥብታት (vowels) ተመሓይሹን ተሓዲሱን መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ካልኦት መጻሕፍተ ቤተ ክርስቲያን ናብ ቋንቋ ግእዝ ካብ ዝተተርጕመሉ ንነጀው ናይ ትምህርቲ ናይ ውዳሴን ቅዳሴን ናይ ጽሑፍን ትርጓሜን፡ ልሳነ ቤተ ክርስቲያንን ከም ቀዋሚ ሃብታን ርስታን ይቑጸር።

ቅድመ ልደተ ክርስቶስ፡ "ግእዝ" ዝብል መጸውዒ ሕዝብን ቋንቋኦምን ቦታኦምን ካብ ጽሑፋት ሓወልትታት ኣዱሊስን መጠራን ጽሑፋት ቀጸላ ኣእማን ደቡብ ዓረብ ... ሰጊሩ ናብ መጽሓፍ ቅዱስ ትርጉም ግእዝ ምስ ሓለፈ ኸኣ ኢዩ ንቤተ ክርስቲያን መልዕሎኣ ኾይኑ ዝርአ። ኣብ ራእየ ዮሓንስ ምዕራፍ 9 ቊጽሪ 11 ብዕብራይስጢ "ኣብዶን" ዝበሎ ብግእዝ "ማሕጐሊ" ይብሃል ዝብል ጥቕሲ ኣብ መጻሕፍተ ብራናታት ተጻሒፉ ይርከብ።[1]

ጽሑፍ ግእዝ ካብ ቅድመ ክርስትና ኣትሒዙ ምስ ፊደላት እቶም ካብ ደቡብ ዓረብ ፈሊሶም ዝመጹ ሳባውያን (ወይ ሳባዊ መሰል ናይ ቅድም መልክዓ ፊደል ግእዝ) ምስቲ ኣብ ኣህጉረ ዓለም፡ ኣውራ ኸኣ ኣብ ክባቢ ባሕረ መዲተራንያንን ቀይሕ ባሕርን ዝርከባ ሃገራት ናይ ንግድን መገሻን ብእዋኑ ምዕቡል መራኸቢ ዝነበረ ጽሑፊ ግሪኽ እናተሓናፈጸ ወይ በብእብረ ክጸሓፍ ምስ ጸንሐ፡ ካብ ሻዱሻይ ዘመን ንደሓር ንኹሉ ብሒቱ በይናዊ ጽሑፊ ቋንቋ ክኸውን ከኣለ።[2] [2]

ክንዮ 1000 ዓመት ቅ.ል.ክ ሴማውያን ኣሕዛብ ካብ ደቡብ ዓረብ መጺኦም፡ ኣብ ኤርትራ ሰፈሩ። ናታቶም ዘርኢ ትውልዲ ድማ ኣብ ርእሲ'ቶም ዝጸንሑዎም ሕዝቢ ዓብሊሎምን ተሓዊ ሶምን መንግስትነት ተኸሉ። ወደባዊት ከተማኦም ጥንታዊት ኣዱሊስ ምስ ክፍላተ ዓለም ኤውሮጳ ከባቢ ባሕረ መዲተራንያን ማእከላይ ምብራኾን ምስ ገለ ኸፋል ኢትዮጵያን መራኸቢትን መሰጋገሪትን ማእከላዊት ድንድል ስለ ዝነበረት፡ ምስ ርክባት ግብጺ ግሪኽ፡ ሮማን ሃገረ ዓረብን ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ኣብ ምዕባለ ማሕበራውን ባህላውን ነገራት ጽልዋ ናይዝን ሃገራት ተጸምበረ። ምልክቱ ኣብ በይኑ ኸባቢታት ኤርትራ ዝጸንሑ ጽሑፋት ሳባ፡ ግሪኽ፡ ዓረብ የረድኣ።

ሳባውያን ካብ ዝሃቡዎ ኣበርክቶ ሓደ ናይ ባዕሉ ፊደላት ዘለዎ፡ ብጥንታውነቱ ምስ ጽሑፋት ቅብጢ (ግብጺ) ግሪኽ ዝስ ራዕ፡ ምስ'ቶም ናይ ባዕሎም ፊደላት ዝነበሮም ልሳናተ ኣሕዛብ ዝወዳደር ቋንቋ ግእዝ ቀንዲ ኢዩ። ስርዓተ ጽሕፈቱ ከም ምምልላስ ብዕራይ ማሕረስ (Boustrophedon ox-turning ploughwise) ወይ'ውን ከም ማእለማ ቕጥኒ በብእብረ ንየማን ንጸጋም ዝመላለስ ካብ ደቡብ ዓረብ ፈለማ ምስ መጹ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ሴማዊ ጀንቋ፡ ደቡባዊ ጨንፈር ሳባዊ ተባሂሉ ዝግለጽ ቀዳሚ ግእዝ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ዝተወሰነ መዋዕል'ውን ከም ጽሕፈተ ዕብራይስጥን ካልእን ካብ የማን ናብ ጸጋም ገጹ ይጽሓፍ ነበረ።

[1] መ.ቅ.መ.ቃ. ገጽ 237።

[2] E.Civ. p. 22, 61. * ኣ.ኦ.ተ.ቤ.ኣ.ታ.ሃ.ስ .መ. ገጽ 10። * መ.ቅ.መ.ቃ. ገጽ 234።

[3] H.S.S.E. p. 1. * E.C.H. p. 111. * ኣ.ኦ.ተ.ቤ.ክ.ታ. ገጽ 10።

መወዳእታኡ ከምዚ ለሚ ዘለ፡ ካብ ጸጋም ናብ የማን ዝአንፈቱ ፍኖተ የማን ስርዓተ ጽሕፈት ሒዙ ይነብር።[3] ናይ ኸሉ አብነት፡-

ሀ. አብ ድብድብ ምራራ (ዞባ ደቡብ) አብ ሓደ ፍርቂ አካሉ ምስሊ ሰብ፡ ፍርቂ መሸከሉ ምስሊ አንበሳ ኾይኑ ካብ እምኒ ዝተቐርጸ ምሕራሙ ጥያት (መስውዒ አምልኾ ባዕዲ) ዝተረኽበ ንየማነ ጸጋም ዝመላለስ ጽሑፍ ውቕሮ ሳባውያን፡

I ዐተመለአ .3 I ነበ .2 I ለአ I በዘዐሀ .1

4. ሀቀነየ I 5. ዘተሐመየመ I

ትርጉሙ፡ አምላኽ የጽንዓዮ ወይ አምላኽ የድሕኖ፡ ንዝተሓ ምየም (ጣያት ሳባውያን) አወፈዮ። (ነቲ ምስልን መስውዕን)[4]

ለ. ሳባዊ ጽልዋ ዘለዎ ጽሑፍ ግእዝ፡-

I ሠዐለአ .3 I ሰፈነወ .2 I መሀሰፈነ .1

I 4. ወአለዐገዘ I 5. ወአለዐቀበ I 6. ወቀነዐመ I

ከምዚ ዝበሉ ጽሑፋት በብቦታኡ አብ ከም ከስከሰ፡ ታሕታይ ባርካ፡ ስግር መረብ፡ አብ የሓ ወዘተ. ተረኺቡ ኢዩ።[5]

4 አ.ታ. ገጽ 45።

5 አፈ. ቅ. ገጽ 76። * ማ.ወ.ማዕ. ገጽ 35።

ሐ. ናብ ጸጋም ዝአንፈቱ (ፍኖተ ጸጋም) ግእዝ ጥራሕ ዝፈ ደላቱ (consonant) ብዘይ አናበብቲ፡-

ፍኖተ ጸጋም	ፍኖተ የማን (ከምዚ ምኾነ)
መሐጸበወ	ወበጺሐመ፡
መረሐበ	ብሐረመ፡
መሳለፈአ	አፍለሰመ፡
መሀሰሰነአ	እንስሳሰመ።[6]

መ. ካብ ካልኣይ ክሳዕ ራብዓይ ዘመን ዝነበረ ብዘይ አስተናባብያን ግን ከአ ፍኖተ የማን፡

ዘሐወለተ / ዘአገበረ / አዝዘ /
ለአበወወ / ወሰሐበ / መሐዘተ
/ አወዐ / አለፈነ / ወጸበለነ / ...

... አነ ጸገ አበ ከሰ (አነ ጸጋ አብ ካሱ ክብሃል ይክአል[7]

... እቲ ቐዳማይ አጣባብ ጽሕፈት፡ ቅድሚ ሻብዓይ ዘመን፡ ቅ.ል.ክ አትሒዙ ከም ዝነበረ'ኳ እንተ ተገመተ፡ አብ ኤርትራ ካብ ዝጸንሑ ጽሑፋት አኻውሕን ሰሌዳ አእማንን ዛጊት ዝተረ ኸበ መረዳእታ ናይ ሓመሻይ ዘመን ቅ.ል.ክርስቶስን ድሕሪኡን ምኻኑ ብዙሓት ፈላጣት ይገልጹ።

ብኻልእ መዳይ አብ ሃገርና ዝርከቡ ጥንታውያን ጽሑፋት አኻውሕ ምስቲ አብ ደቡብ ዓረብ ዘለሙ ጽሑፍ እምኒ እንተ ተነጻጸረ ፍልልይ ስለ ዘለዎ፡ ምስ ብዙሕ ጭብጥታት ስነ ሹዕታ

6 መ.ሰ.ወግ.ወመ.ቃ.ሓ. ገጽ 32።

7 አፈ. ቅ. ገጽ 75።

ብምዝማድ ቅድመ ምዕባለ ሳባዊ ፊደል ፡ እዚ መልክዓ ፊደለ ግእዝ ህልዊ ከም ዝነበረን ነዚ ሳባዊ ሚላ ከም ዝመኽቶን ዝተመራመሩ ናይዚ ዘመን'ዚ ሊቃውንቲ ነቶም ግእዝ ካብ ሳባዊ ዝጠጥዐ ከይኸውን ዝብሉ ዝነበሩ ቐዳሞት ምሁራን ኣተሓ ሳስባኦም ከም ዝቕየር ይገብሩ ኣለዉ።[8]

ሳባዊ ይኹን ግእዝ ዝብሉዎ ጥንታዊ ጽሑፍ ተነበብቲ (consonant) ጥራሕ ዝሓዘ ምስቲ ንፊደለ ግሪኽ ዝወለደ፡ ናይ ቀደም ፊደለ ፌኒቃውያን (Finician) ዝምድና ከም ዘለዎ ይትረኽ።[9]

ቅ.ል.ክ ካብ 500 ዓመት ኣቐዲሙ፡ ዝጸንሐ ናይ መዋዕለ ሳባውያን ዝጽዋዕ ቅዲ ናይ ደቡብ ዓረብ ዝሓዘን መልክዓ ፊደሎም ዝመሰለን ፊደለ ግእዝ፡ ካብ ካልኣይ ሳልሳይ ዘመን ንነጀው፡ ንገለ ፊደላት ሳባ ብምግዳፍ ብቕርጽን ብመልክዕን ተመሓይሹ፡ ካብቲ ቐዳማይ ደረጃኡ ፍጹም ዝተፈልየን ካብ ጸጋም ናብ የማን ዝንበብን ዝጸሓፍን ኮይኑ ተቐየረ። እቲ ቐዳማይ ተመዓራርዩ ዝተረኽበ ጽሑፍ ስም ናይ ሓደ ኣብ ካልኣይ ሳልሳይ ዘመን ዝነበረ ገደረ (ዘግዱር) ዝብሃል ንጉስ (183-213) ዝጠቕስን እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዘለዎ ጽሑፍ ኣብ ንእሽቶ ማዕድናዊ ኣቕሓ ብቕርጺ ተጻሒፉ፡ ኣብ መጠራ ዝጸንሐ ናይ ሳልሳይ ዘመን ዝግመት፡ ኣዝዩ ጥንታዊ ጽሑፍ ግእዝ ኣብ ሓወልቲ መጠራ ዘሎን ኢዩ።[10]

ኣስተናባብያን (vowels) ዘይብሉ፡ ተነበብቲ ግእዝ ጥራሕ (consonant) ውቕር ጽሑፍ ሓወልቲ መጠራ፡

"ዘሐወለተ I ዘአገበረ I አገዘ I ለአበወሀ I ወሰሐበ I መሐዘተ I አውፀ I ወጸበለነ I"

ዝብል ብግቡእ ኣናበብቲ ነጥብታት ዘለዎ ስርዓተ ንባብ ግእዝ፡

"ዝሐወልት ዘአግበረ፡ አገዝ ለአበዊሁ ወሰሐበ መሐዛተ አውፃ አላፎን ወጸበለነ፡"

"እዚ ሓወልት'ዚ፡ ኣገዝ (እግዚኣ፡ ጐይታ) ንኣቦታቱ (ንኣማልኽቱ) ዘስርሖ ኢዩ። ንሱ ነቶም ኣባጽሕን (ኣጉባዝን) ብርቱዓ ትን ሰብ ኣውፃ፡ ኣላፎን ጸበለን ኣምበርከኸ" ተባሂሉ ክንበብን ክትርጕምን ይክኣል።

እዚ ሓወልቲ መጠራ (በለው ከለው) ካብ'ቶም ንሳቶም ጥራሕ ሓወልቲ ከጽርቡን ክቐሙን ዝኽእሉ ነገስታት ሓደ ንጉስ ንኣቦሓጐታቱ ወይ ንኣማልኽቱ ኣብ ሳልሳይ ዘመን ዘቕሞ ጽሑፈ ግእዝ ካብ ተሓውሶ ካልኦት ቋንቋታት (ሳባ፡ ግሪኽ) ተላቒቑ ብሕታዊ ጽሑፍ እሞ ኸኣ ካብ ቅድሚኡ ዝነበረ ዘመን ብዝተመሓየሸን ብዝተነጸረን ናብ የማን ገጹ ዝንበብ ኣገባብ ጽሕፈት ዝሓዘ ኮይኑ ኣሎ። እንተ ኾነ ኣብዚ'ውን ኣስተናባብያን ነጥብታት ዘይብሉን መፍለዪ ቓላት ትኽል ሕንጻጽ ስለ ዘለዎን ገና ኣሰር ጽሑፈ ሳባውያን ይርኣዮ።[11/12]

ኣብ ሓወልቲ መጠራ፡ "ኣገዝ" ኣብ ሓወልቲ ኣዱሊስ "ገዝአ" ዝብሉ ቓላት፡ ገኣዚ፡ ኣግኣዚ፡ ኣግኣዝያን፡ ኣጋዛት፡ እግዚእ፡ ኣጋእዝት፡ ግእዝ ብዝብል ኣብ በበይኑ ቦታትን ጊዜያትን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብሓፈሻ ዘይግዙኣት፡ ናጻ ዝኾኑ ጐይቶት ማለት ምኻኑ ዘመልክት ስምን መግለጺ ልዕልና ስልጣንን ኢዩ። ካብኡ ዝተላዕለ መጸውዒ ቓንቋኦም ግእዝ ሃገሮም ኣግኣዚት ሕዝቦም ኣግኣዝያን ንምባል በቕዐ። ብዛዕባ ጽሑፍ ሓወልቲ ኣዱሊስ ዝተመራመረ ቆዝሞስ ኢንዲኮፕሌውስቶስ ከም ዝበሎ፡ ስያሜ

8 A.M.E.H. p. 31, 59-60.
9 E.J.D. p. 23.
10 G.H.A. p. 204, 214. * I. E. p. 32.

11/12 A.M.E.H. p. 87.

ግእዝ ኣዝዩ ጥንታውን ካብ ኣዱሊስ ክሳብ ከባቢ ኣኹሱም ዝበጽሕ ምድርን ገና'ውን ክሳብ ሽዑ ኣግኣዝያን ዝብሃሉ ሕዝቢ ምኻኖምን ይገልጽ።[13]

"... ወበጽሐ (ማርቆዮን) በሐመር ሐይቀ ብሔረ ኣግኣዚ ... ወዜ ነዎ (ሰላማ ለኣትናቴዎስ) በእንተ ሃይማኖቶሙ· ለብሔረ ኣግኣዚ ...

(ሰላማ) ... በብርሃንከ ኣዳም ወበሥንከ ምዑዝ·

እስከ ይእዜ ትትፈሣሕ ወትትሐሠይ ግእዝ ...

ሰላም ለኣሌፍ እንተ ቀደሳ በኪደቱ።

ለብሔረ ኣግኣዚ ብሔረ ፍልሰቱ።...

ፊልጳስ ሰማዕተ ኣግኣዚ ..

"ግኣዚ" ስመ ሃገር ። [14]

እዚ ልዑል ጕይትነት ዘስምዕ ቃለ ግእዝ ቅድመ ክርስትና "በሐር" ንዝብል መጸውዒ ኣምላኽ ባሕሪ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ኣምላኽ ምድሪ ሰማይን ባሕርን ከም ዝኾነ ዝሕሰብ ዝነበረ ኣምልኾ ጣዖት ተሪፉ፡ ኣብ ዘመነ ክርስትና ሰማይን ምድርን ባሕርን ብጠቕላላ ንዓለምን ኣብ ዓለም ንዘለ· ኹሉን ንዝፈጠረ ሓቀይና ኣምላኽ (ዘፍ 1፡1-31።) ራእ 10፡5። 14፡7።) መጸውዒ ኣምላኽነቱ ጕይታ ሰማይን ምድርን ባሕርን፡ ጕይታ ሰማይን ምድርን (አኃዜ ኵሉ) ጕይታ ኹሉ ንምባል፡ "እግዚኣ፡ ብሔር" ተባህለ። ኣብ ናይ ቀደም ሓወልትታት ኣእማንን መጻሕፍተ ብራናን ብነ ጥቢ ተመዚሉ "እግዚኣ/ብሔር" "እግዚኣ፡ ብሔር" ተጻሒፉ ይርከብ። ውዒሉ ሓዲሩ ግን ኣሓዳዊ ስም ኣምላኽነቱ፡ ስለ ዝኾነ ብሓደ ቓል "እግዚኣብሔር" ይጸሓፍን ይንበብን። መረዳእታ'ዚ ኣብ ቦታ እቶም ናይ ቅድመ ክርስትና ዝነበሩ ባጤራታትን ሓወ ልትታት ወቀጸላታት፡ ኣእማንን "አረስ፡ በሐር መሐረም ..."

[13] A.M.E.H. p. 26-27.
[14] ስንክሳር ብራና 18 ታሕሳስ፡ 11 መጋቢት፡ 26 ሓምለ ብግእዝ።

ኢሎም ዝገልጹዎ ኣስማት ጣየታትን ምልክታት ጸሓይ፡ ወርሒ፡ ኮኾብ፡ ድሕሪ ምምስራት ክርስትና ዝተሰርሑን ዝተቐርጹን ጽሑፋት እግዚኣ፡ ብሔር፡ ኣምላክ ኵሉ ኣምላክ ሰማይ ወምድር ብዝ ብሉ ቃላትን ብትእምርተ መሳቐልን ተተኪኦም ይርኣዩ። "ኣም ላኽ" መላኺ ኹሉ፡ ልዑል ኵሉ፡ ንጉስ ኵሉ፡ "እግዚኣብሔር" ጕይታ ዓለም፡ እምበኣር፡ ኣብ ቋንቋ ግእዝ ዝተመሰረተ ኢዩ። [15]

እዘን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዝማነ ክርስትና ኣግኣዚት ኤርትራ እቲ ዝጸንሐ ተሓውሶ ደቡባዊ ዓረባዊ ባህልታት እናመመየትን ጽልዋታት ሳባዊ ግሪኻዊ እናፈለየትን ሃገራዊ ባህሊ ዘማዕበለ ትሉ፡ ኣውራ ኽኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኣህጉረ ኣፍሪቃ ዝተመ ዓራረየ ክሳዕ ሎሚ ነዊሕ ዕድመ ዝገበረ ገና'ውን ዝነብር ፊደል ግእዝ ጽሑፊ ቋንቋ ዝመሃዘት እተሐብን እንኮ ሃገረ ኣግኣዝያን (ሓበሻ) ስልጣኔኣ ብሓደ ገጽ ዘርኣየትለን መዋዕል ኢየን።[16]

ጥንታዊ ጽሑፍ ቋንቋ ግእዝ፡ ክሳዕ ክፍላ ራብዓይ ዘመን ዓ.ም. ኣስተናባብያን ወይ መድምጻምን ነጠብጣብ ዘይብሉን ከም ፊደለ ሳባውያን 24 ፊደላት ጥራሕ ዝሓቖፈ (ጸ፡ፐ፡ ኣብ ሳባዊ ይኹን ናይ ቀደም ግእዝ ኣይተረኽቡን) ነበረ።[17]

ድሕሪ ሰለስተ ዘመን፡ ዝተመሳረረየ መሰረታዊ ፊደለ ግእዝን መስርዑን ምስ ኣስተናባብያን (vowels) ነጥብታቱን ከም ኣሃዝ ክገልግል ከሎን።

[15] A.M.E.H. p. 123.
[16] A.M.E.H. p. 88.
[17] H.C. Ch. E. p. 16. * የካም መታሰብያ የኢትዮጵያ ፊደል መሠረትነት መታወቅያ - ከኣስረስ የኔ ስው ፲፱፻፺፩ ዓ.ም.ግ. ገጽ 17-18።

	ጥንታዊ	ደሓሪ	ግእዝ	ካዕብ	ሳልስ	ራብዕ	ሓምስ	ሳድስ	ሳብዕ
1	ሀ	፩	ሀ	ሁ	ሂ	ሃ	ሄ	ህ	ሆ
2	ለ	፪	ለ	ሉ	ሊ	ላ	ሌ	ል	ሎ
3	ሐ	፫	ሐ	ሑ	ሒ	ሓ	ሔ	ሕ	ሖ
4	መ	፬	መ	ሙ	ሚ	ማ	ሜ	ም	ሞ
5	ሠ	፭	ሠ	ሡ	ሢ	ሣ	ሤ	ሥ	ሦ
6	ረ	፮	ረ	ሩ	ሪ	ራ	ሬ	ር	ሮ
7	ሰ	፯	ሰ	ሱ	ሲ	ሳ	ሴ	ስ	ሶ
8	ቀ	፰	ቀ	ቁ	ቂ	ቃ	ቄ	ቅ	ቆ
9	በ	፱	በ	ቡ	ቢ	ባ	ቤ	ብ	ቦ
10	ተ	፲	ተ	ቱ	ቲ	ታ	ቴ	ት	ቶ
20	ኀ	፳	ኀ	ኁ	ኂ	ኃ	ኄ	ኅ	ኆ
30	ነ	፴	ነ	ኑ	ኒ	ና	ኔ	ን	ኖ
40	አ	፵	አ	ኡ	ኢ	ኣ	ኤ	እ	ኦ
50	ከ	፶	ከ	ኩ	ኪ	ካ	ኬ	ክ	ኮ
60	ወ	፷	ወ	ዉ	ዊ	ዋ	ዌ	ው	ዎ
70	ዐ	፸	ዐ	ዑ	ዒ	ዓ	ዔ	ዕ	ዖ
80	ዘ	፹	ዘ	ዙ	ዚ	ዛ	ዜ	ዝ	ዞ
90	የ	፺	የ	ዩ	ዪ	ያ	ዬ	ይ	ዮ
100	ደ	፻	ደ	ዱ	ዲ	ዳ	ዴ	ድ	ዶ
200	ገ	፼	ገ	ጉ	ጊ	ጋ	ጌ	ግ	ጎ
300	ጠ	፻፻	ጠ	ጡ	ጢ	ጣ	ጤ	ጥ	ጦ
400	ጰ	፼፻	ጰ	ጱ	ጲ	ጳ	ጴ	ጵ	ጶ
500	ጸ	፻፼	ጸ	ጹ	ጺ	ጻ	ጼ	ጽ	ጾ
600	ፀ	፼፼	ፀ	ፁ	ፂ	ፃ	ፄ	ፅ	ፆ
700	ፈ	፻፻፻	ፈ	ፉ	ፊ	ፋ	ፌ	ፍ	ፎ
800	ፐ	፼፻፻	ፐ	ፑ	ፒ	ፓ	ፔ	ፕ	ፖ

አሃዝ

ናይ ጥንቲ ጽሑፍ ግእዝ ዝተፈልየ አሃዝ (ቍጽሪ) አይነ በሮን። አብ ሳፍራ (ሓጽቢ ቕሓይቶ) ዝጸንሐ ጽሑፍ ነቲ መጠን ብአሃዝ ዘይኮነስ ብፊደል ኢዩ ዝገልጸ፡ ብኻልእ መዳይ ቀደም ከም አሃዝ ኮይኑ ዝጸሓፍ ዝነበረ መስርዕ ፊደላት ግእዝ ተራ ፊደል (አልፋ ቤት) ብርእሱን ብእግሩን ጋድም ሕንጻጽ ብም ውሳኽ ነበረ። ካብኡ ዝመጸ ኽአ ኢዩ ንፊደላት ግሪኽ አብ ርእሱን እግሩን ጋድም ሕንጻጽ ብምግባር ተመሳሪርዩ አሃዛት ጽሑፍ ግእዝ ዝኾነ።

ፊደል ግሪኽ ብምኽንያት ንግድን እምነትን ተኣታትዩ አብ ሃገርና ዝውዕር ምንባሩ አብ አዱሊስ አብ ደቀምሓረ ደምበዛን ወዘተ. ዝተረኽበ ጽሑፍ ሓወልቲ እምኒ የረድኤ። ብዝኾነ ተለ ሚዱ ስለ ዝጸንሐ፡ ብዘይካ ቖጽሪ ፺ (90) ካልእ ካብ ፩ ክሳብ ፱ (1-100) ዘለዉ አሃዛት ግእዝ ብምሉኦም ቍሩብ ምምሕያሽ ዝተገብረሎም ፊደላት ግሪኽ ኢዮም። ካብኡ ንላዕሊ፡ ፪፱፡ ፫፱፡ ... ፱፱፡ ፲፱፡ እናበለ ዝኸይድ አቁጻጽራ ግን ሳባዊ መገዲ'ምበር ስር ዓተ አሃዝ ግሪኽ አይኮነን። ብርእሱን ብእግሩን ዘሎ ጋድም ሕንጻጽ ድማ ስርዓተ ፊደላት ግእዝ ከም አሃዝ ኮይኑ ከገልግል ከሎ ኢዩ።

ሳባዊ ጽሑፍ፡ ናይ ባዕሉ አሃዝ ከም ዝነበሮ ፍሉጥ ኮይኑ ንምንታይ ናብ ጽሑፈ ግእዝ ዘይተሰጋገረ፡ ንምንታይከ ነጸብራቑ አብ አከያይዳ ፩፱፡ ፪፱፡ ፫፱፡ ፬፱፡ ...፳፱ ጥራሕ ኮይኑ ተረፈ ዝብል ሓሳብ ንምሁራን ዘመራምር ነገር ኮይኑ አሎ። ምኽንያቱ'ኳ ዛጊት እንተ ዘይተፈልጠ አሃዛት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ገለ ሽዱሽተ

ዝኾኑ ፊደላት ሳባውን ናብ ጽሑፈ ግእዝ ከይተሰጋገሩ ተሪፎም ከም ዘለዉ ይፍለጥ። ዝኾነ ኾይኑ ኣሃዛትና፡ ፊደላት ግሪኽ ምስ ስርዓታትን ትእምርትታትን ግእዘ ሳባ፡ ተወሃሂዱ እናተመዓራረየ መጸ። ኣብ ዝተወሰነ መዋዕል፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ኣሃዝ ብዘይ ጋድም ሕንጻጽ ይጽሓፍ ምንባሩ ዘመልክት ኣብ ናይ ቀደም መጻሕፍተ ብራና ብብዝሒ ይርከብ።[18]

መቐጸልታ እቲ ዘገም እናበለ ዝካየድ ዝነበረ ዕዮ ትርጓሜ፡ ኣብ ሓሙሻይ ክሳዕ ሻብዓይ ዘመን፡ ተወሰኽቲ መጻሕፍቲ ብሉይ ኪዳን ከም ዕርገተ ኢሳይያስ፡ ... መሰረተ እምነት ተዋህዶ መጽሓፈ ቄርሎስ መምርሒ ጎዳግዊ መነባብሮ መነኰሳት፡ ስርዓተ ጻኩሚስ ... ትምህርታዊ ጽሑፍ ፊሳልጎስን (ብዛዕባ እንስሳት ዕጸዋት ኣእማን ዝገልጽ) ካልእን ካብ ሶርያዊት ቤተ ክርስቲያን ትርጓሜ ቤት ትምህርቲ ኣንጾኪያን ካብ ቋንቋ ግሪኽን ተተርጕመ።[19]

ናይ መወዳእታ ግብረ ትርጓሜ ናብ ቋንቋ ግእዝ (676-678 ኣቢሉ) መጽሓፈ ሲራክ ኮይኑ፡ ዘደንጹ ነገራት፡ "እግዚኣብሔር" ወይ "ኣምላክ" ተባሂሉ ክትርጐም ዝነበሮ ከምቲ ኖይ ኣረማውያን፡ "ዓስተር" (Aster) ተባሂሉ ይርኣ። (ሲራክ 31-10። 37-21። ብናይ ቀደም ብራና) እዚ ኣረማዊ ነገር ክሳብ ክንደይ ኣትኪሉ ከም ዝነበረ፡ ብሓደ ገጽ ክርስትና ኽኣ ኣብ ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ተወሃሂዱ ከም ዝደምሰሶ በቲ ኻልእ ወገን ኢዩ ዘርኢ። ግን ከኣ ምላኞኡ ኣሰር ዝሓለፈ ይመስል።[20]

ካብ ራብዓይ ክሳዕ ሻብዓይ ዘመን፡ መብዛሕትኣም ጽሑፋት ቤተ ክርስቲያን ካብቲ ፈለማ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያን፡ እንተላይ ግብጺ ኣብ ጽሑፋተ ክርስትናን ጸለመ ቕዳሴን ብሰ

[18] A.M.E.H. p. 90.
[19] Ch.S.E. p. 108.
[20] I.E. p. 48. * ኢ.ታ. ገጽ 107።

ፈሐ ተለሚዱ ዝነበረ ቋንቋ ግሪኽ ናብ ቋንቋ ግእዝ ምትርጓም ዝዘዘወ ተግባር ኢዩ ነይሩ። ካብ ሻብዓይ ክሳዕ መወዳእታ ዓሰርተ ኽልተ፡ መጀመርታ ዓሰርተ ሰለስተ ዘመን፡ ዋላ'ኳ ብንጹር ዝጥቀስ ነገር ብዙሕ እንተ ዘይኮነ፡ ውሑዳትኡን ይኹኑ ካብ ቋንቋ ቅብጢ (ግብጻዊ copt) ናብ ልሳነ ግእዝ ዝተተርጐሙ መጻሕፍቲ ከም ዝነበሩ ኣይክሓድን።

ብዝኾነ ትርጓሜ ብሉይን ሓዲሽን ኪዳናትን ካልኦት መጻሕፍትን ኣብ ሻሙናይ ዘመን ድሮ ከም ዝተፈጸመን ጽሑፍ ግእዝ ኣብቲ እዋንቲ ኣበየናይ ደረጃ ምዕባለ በጺሑ ከም ዝነበረን ክሕብር ዝኽእል ጽሑፍ ውቕሮ ሰሌዳ እምኒ ዝባን ዓዲ ኣሃም ኣለ። እዚ ንዝኽረ ሞት ሓንቲ ልዕልቲ ኣብ ሓደ ጸፊሕ ቀጸላ እምኒ ተወቒሩ ዝተጻሕፈ ኣብ መንደቕ ጥንታዊ ቤተ ክርስቲያን ቅድስት ማርያም ጸኒሑ ናብ'ዚ ሓዲሽ ቤተ ክርስቲያን እቲ ዓዲ ዝባን ሃም ሰጊሩን ተነዲቑን ዘሎ ጽሑፍ፡ ከምዚ ዝስዕብ ይንበብ። ኣብ ዓዲ ኣሃም ዝተረኽበ ጥንታዊ ጽሑፍ

ሞትት/ ጊሐ/ ወለተ/ መንግሣ/ በወርሃ/ ታሕሰስ/ ኣሚ/ ፳ / ለሠርቅ ኣሚ/ መሃትዊሁ ለጌና/ በዕለተ/ ረቡዕ/ ወኣሪፋ/ ዓመተ/ እኔን/ ጸረኔን/ ኣለ/ ሠህል/ ወባሕቱ/ በከመ/ ጽሑፍ/ ብውዕ/ ዘይትወለድ/ እምኣንስት/ ዘሕዳጥ/ መዋዕሊሁ/ በከመ/ ጽሑፍ/ ውስተ/ ወንጌል/ ዘበለዐ/ ሥጋየ/ ወሰቲየ/ ደምየ/ ኢይጥዕማ/ ለሞተ/ ወኣነ/ ኣነሥኣ/ ኣመ/ ደሃሪ/ ዕለተ/ በከመ/ ጽሑፍ/ ውስተ/ ነብይ/ ምውታን/ ይትነሥኡ/ ወይሐይው/ እለ/ ውስተ/ መቃብር/

"ጊሐ፡ ጓል መንግሣ (ካብ ባሕቲ) ብ27 ታሕሳስ ድሮ ልደት (ዘላ) ዕለተ ረቡዕ ሞተት። ዝዓረፈትሉ ንሕና ንጸላእትና እኒ (እለ) ሳህለ ምስ ሰዓርና ድሕሪኣ ዘላ ዓመትዩ። ዝኾነ ኾይኑ ከምቲ ጽሑፍ ብጹዕ (ኢዮብ 14፡1) ዝብሎ (ነሶሉ) ካብ ኣንስቲ ዝውለድ (ሰብ) መዋዕሉ ሒደት ኢዩ። ከምቲ ኣብ ወንጌል ዝተጻሕፈ ደ'ማ፡ "ስጋይ ዝበልዐ፡ ደመይ ዝሰተየ ንሞት (ናይ

ነፍሲ) ኣይክጥዕማን፡ ኣብ ዳሕራይ መዓልት'ውን ኣነ ኸተንስኦ ኢየ'ሞ ንዘለዓለም ክነብር ኢዩ ዝብል። (ዮሓ 6፡54። 8፡52) ከምቲ ኣብ ጽሑፍ ነቢይ (ኢሳ 26፡19) እውን ዝብሎ፡ "ምዉታን ክትንስኡ ኣብ መቓብር ዝነብሩ'ውን ክሓውዩ ኢዮም።"

እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብቲ ቕድሚኡ ዝነበረ ሜላ ኣጸሓሕፋኡ (ኣብ ኣካውሕ ዝተረኸቡ) ዝነጸረን ኣስተናባብያን ነጥብታት ዘለ ዉዎን'ኳ እንተ ኾነ፡ ክሳዕ እቲ እዋን'ቲ መፍለዪ ሓደ ቓል ካብቲ ካልእ ገና ብትኹል ሕንጻጽ ክቕጽል ኢዩ ዝርአ።

ምሉእ ሓሳባት ናይዚ ጽሑፍ ክምርመር ከሎ እኹል ስምዒት ትርጉም ይህብ ኢዩ። ዓንቀጽ ብዓንቀጸ ጽሑፍ፡ እንተ ተራእየ ግን ገለ ጕድለተ ቓል፡ ግድፈተ ፊደል ወይ ለውጠ ፊደል የንጸባርቕ።

ጽሑፍ ሰሌዳ እምኒ ሃም ናይ መንን ናይ መዓስን ከም ዝኾነ ምስ ምንታይ ከም ዝዛመድ ዝህቦ በበይኑ ሓበሬታት ኣለዎ።

1. ጊሖ፡ መንነታ ወይ እንታይነታ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ እኳ ብንጹር እንተ ዘይተገልጸ፡ ካብ'ቶም ኣብቲ እዋን'ቲ መዘከርታኦም ኣብ ሰሌዳ እምኒ ወይ ኣብ ሓወልቲ ብጽሑፍ ክቕረጸሎም ዝኸእል ልዑላን ስድራ ቤት ምኳና ርጉጽ'ዩ። ኣቦኣ መንገሻ (ሽዑ ፊደል "ሸ" ኣይተማህዘን ስለ ዝነበረ ፊደል "ሠ" ከም "ሸ" ኢዩ ዝድመጽ ዝነበረ። (ስነ ጽሑፍ ርአ) ድማ ሓበሻ ከም ዝኾነ ካብ ስሙ ምርዳእ ይክኣል።
2. ጊሖ ዝብል መጸውዒ፡ ዋላ'ኳ "ሐ" ከም ድምጺ ጐረሮ ትግርኛ ዕብራይስጥን ዓረብን ዝድመጽ እንተ ኾነ እቲ ስም ንባዕሉ ግን ናይ መሮዌ መበቈል ክህልዎ ከም ዝኸእል፡ እዚ ጽሑፈ ግእዝ እንተ ኾነ'ውን ምስ መካነ ምስ ዋዕ መሮዌ ከም ዝመሳሰል ይሕብር። ትሕዝቶኡን ኵሉ ነገሩን እውን ናብቲ ኣብቲ ጊዜቲ ኣብ ኑብያ ኣብ ልዕሊ መቓብር ሕዝበ ክርስቲያን ዝግበር ዝነበረ ሓጺር ጽሑ

ፋዊ መግለጺ ኣቢሉ ይመርሕ። ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ሓበሻን ኑብያን ባህላዊ ዝምድናታት ከም ዝነበረ ካብ ዝሕብሩ ነገራት ቀዳማይን ቀንድን ኣብነት ኮይኑ ዝተረኸበ መቓብር ናይ ሓንቲ ልዕልቲ ምኳኑ ዝተገመተ ተወቂጡ ዘሎ ጽሑፍ ሰሌዳ እምኒ ኢዩ ይብሉ ተመራመርቲ ጽሑፋት ኣእማን።

3. ብኻልእ መዳይ ጽሑፍ ሰሌዳ እምኒ፡ መቓብር ጊሖ፡ ብመንጽር ሃይማኖት እንተ ተራእየ፡ ጥቕስታት ብሉይን ሓዲስን (መጽሓፍ ቅዱስ) ይጠቅስ። እዚ ዝሕብሮ፡ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ናብ ቋንቋ ግእዝ ተተርጕሙ ምስ ተፈጸመ ክርስትና ብግቡእ ኣብ ዝማዕበለሉ ኣብ መንጎ 700-800 ዓ.ም ኮይኑ ስርዓተ ጽሑፍ ሳባውያን፡ ትኹል ሕንጻጽን ቀዳማይ ደረጃ ዝሓዘ ፈለማ ኣብ ሃም ጥራሕ ዝተረኸበ "ጌና" ዝብል ቃለ ግሪኽን ምህላዉ ዳሕረዋይ መዋዕለ ግእዝ ቅድሚ ምጅማሩ ከም ዝተጻሕፈ የረድእ። በዝን ብኻልእን ኣነጻጺሮም ድማ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ሻሙናይ ዘመን ከም ዝተጻሕፈ ተመራመርቲ የረጋግጹ።
4. ድሮ ልደት ዝነበረ ረቡዕ ዕለት 27 ታሕሳስ ብግእዝ'ውን ብባሕረ ሓሳብ (ሓሳበ ዘመን) ክቕመር ይኸእል'ዩ። ብመሰረት'ዚ ምስቲ ተመራመርቲ ዝገለጹዎ መረዳእታታት ብምዝማድ፡ ረቡዕ 27 ታሕሳስ ብ782 ዓ.ም ብ793 ዓ.ም ግእዝ ውዒሉ ነይሩ፡ ከምኡ'ውን እታ ቕጽሪ 7 ኣሃዝ ግእዝ፡ ገጻ ቐይራ ስለ ዘላ ( ) 8 ከይትኸውን (፰) ዝብሉ 28 ታሕሳስ ረቡዕ ድሮ ልደት ብ781 ብ787፡ ብ792 ዓመተ ምሕረት ግእዝ ስለ ዝነበረ፡ ኣብዘን ዝተቓራረባ ዓመታት ኣቢሉ ተጻሒፉ ንምባል ይክኣል።[21]

[21] A.M.E.H. p. 198-201.

ኣብ መበል 12 ዘመን ቋንቋ ዓረብ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ምልክን ዓብላልነትን ምስ ረኸበ፡ ካብኡ ንደሓር ብግብጺ ኣቢሉም ዝመጹ መጻሕፍቲ፡ ካብ ነገረ ዓረቢ ናብ ቋንቋ ግእዝ ክትርገሙ ጀመሩ። ሓሓሊፉ ግን ብቐዳጢ (ግብጻዊ) ዘይተጻሕፉን ናብ ልሳነ ዓረቢ ከይተቐድሑ ዝጸንሑን ጽሑፋት ብቐጥታ ካብ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ሶርያ፡ ቋንቋ ኣራማይስጢ ወይ ሱርስት (ሶርያዊ) ይትርገሙ ነበሩ።

ኣብ ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያን ዝጸንሐ ስነ ጽሑፍ፡ በቲ ክሳብ ዓስራይ - ዓሰርተ ሓደ ዘመን ዕሙር ዝነበረ፡ ሰለይ እናበ ለ'ውን ክሳዕ መበል 12 ዘመን ኣብ ዝርርብ ልሳነ ሕብረተ ሰብን መራኸቢ ላዕለዋይ ስርዓተ ምምሕዳርን ሕያው ጸኒሑ፡ ካብ ፈለማ 13 ዘመን ንደሓር ብ'ካልኦት ሴማውያን (Semitic ትግረ ትግርኛ...) ዝተተክአ መወዳእታኡ ኣብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ዝተሓጽረ ቋንቋ ግእዝ ምኳኑ ይፍለጥ። ግእዝ ንብዙሕ ዘመናት ብሕታዊ ስነ ጽሑፍ ዘለዎ ቋንቋ ኾይኑ ዝጸንሐ ንዳ ሕረዎት ሴማውያት ቋንቋታት ትግረ ትግርኛ ... ከም ዘሜለደ ካብ ሰረተ ትሕዝቶ ቓላቱ ንምርዳእ ዝክኣል ነገር ቋንቋ ኢዩ።[22]

ምስልምና ኣብ መንጎ ክርስትና

ምስልምና ናብ ምድረ ሓበሻ ዝኣተወ ቅድሚ ምጅማር ኣቂጻጽራ ሕጅርያ (ሓሳበ ዘመን ኣመንቲ ምስልምና 622 ፈ= 1 ሕጅራ) ከም ኣመንቲ ምስልምና ኣብ ሓመ·ሻይ ዓመተ ጸዋዒት መሓመድ 615 ፈ.. ኢዩ። መሓመድ ነቶም ኣዕራብ ሰዓብቱ ኣብ መካ ተጻባእቲ (ቁራይሽ) ምስ ተኸራኸሩዎም ናብዛ ሃገረ ጻድቃን (ቅኑዓት) ዝበላ ምድረ ሓበሻ ተሰዲዶም ክዕቁቡ ምስ ሓበሮም፡ ኣብ ሓመ·ሻይ ዓመተ ጸዋዕታኡ ብልሙድ ዘረባ ኣስላም፡ ቀዳማይ ሕጅራ (ፍልሰት፡ ስደት፡ ጉዕዞ) ቀዳማይ ዙርያ፡ ቀዳማይ

[22] C.E.A. p. 106.

ጉጅለ፡ 12 ሰብኡት 5 ኣንስቲ ኩሉኹሉም 17 ሰባት ኮይኖም ብየመን ኣቢሎም ብምስጋር ተዓቕቡ። ካልኣይ ዙርያ፡ ካልኣይ ጉጅለ ካብ'ቶም ሰላም ኮይኑ ኢሎም ናብ ቦታኦም ተመሊሶም ዝነበሩ ቀዳሞት ጉጅለ ተሓጊሶሞም፡ ብንግድን ብዑደትን ተሓባቢሮም ኣብ ሻዱሻይ ዓመተ ጸዋዕታ መሓመድ ብ616 ፈ.. 89 ሰብኡት 18 ኣንስቲ ብድምር 107 ሰባት ቀይሕ ባሕሪ ተሳጊሮም ኣተዉ።[23]

ብድሕሪ'ዚ ንምቀ·ጽጻር ንግዲ ኣብ ዝተገብረ ምስፍሕፋሕ፡ ኣብ ቀዳማይ መፋርቐ ሻመ·ናይ ዘመን (702-725) ኣቢሉ፡ የመናው·ያን ዑምያድ ከሊፋ ሱሌማን ቢን ዓብደል መሊክ ምስ ሰዓብቱ ዝርከቡዎም ኣስላም ኣብ ደሴታት ዳህላክ ብምስፋር በብቕ·ሩብ ክሳብ ምጽዋዕ ተዘርግሑ። ሽዑ እዛ መሰጋገሪት ዝኾነት ደሴት ዳህላክ ብኣዕራብ ከም ዝተወደሰት ናይ ታሽዓይ ዘመን መረድኢ ተረኺቡ ኢዩ። ሕዝቢ ዳህላክ እምበኣር ካብ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሻመ·ናይ ዘመን ናብ ምስልምና ዝኣተዉ ቀዳሞት ሕዝቢ ምኳኖም ብኩፉክ ዝተቐርጹ ደሓር መልክዓ ፈደል ዝሓዙ ኣብኡ ዝተረኽቡ ጽሕፋት ኣእማን መቕብር የረጋ ግጹ።[24]

ኣብቲ እዋን'ቲ ምስዚ መገዲ ባሕሪ ጐድኒ ንጐድኒ ብመገዲ የብስ (መሬት) ብሸነኽ ሰሜን፡ ብወገን ኑብያ (ሱዳን) እውን ኣብ መንጎ ክርስቲያን ሓበሻን ኣስላምን ንግዳዊ ርክባት ስለ ዝነበረ ከምቲ ኣተኣታትዋ ክርስትና ብነጋዶ ኣቢሉ ብዘይ ሃይማኖታዊ ዕግርግር፡ እምነት ምስልምና ብህድኣት ክትኣታቶን ክስበኽን ጀመረ።

ኣብ ክባቢ 216 ዓመተ ኣጋር (Anno Higra፡ ሒጅራ፡ 813 ፈ.)

[23] I.E. p. 44. * A.M.E.H. p. 182. * ህ.ደ.ኤ. ገጽ 46።
[24] I.E. p. 47, 170.

ኣብ መንጎ ሕዝበ ብጋይ (ቤጃ) ኮይኖም ማዕድናት ዝሹዕቱን ዝነግዱን ኣዕራብ ኣስላም ስለ ዝነበሩ ኣብ ሃገር (ሳሕል) ዝጥቀሙሉ መስጊድ ክሳብ ምስራሕ ከም ዝበጽሑን ብኣታቶም ሒደተይ ካብ ነጋዶ ብጋይ (ቤጃ) ብፍላይ ካብ ማሕበረ ሰብ ሕዳረብ ናብ ምስልምና ዝኣተዉ ከም ዝነበሩን ይትረኽ። ብመን ጽር'ዚ ኣብ 935-996 ኣብ ዝነበረ ጊዜ ብደቡብ ኤርትራ ናብ ሰሜን ኣቢሉ ማዕበለ ክርስትና ይደፍእ ነበረ። ኣብ መንን'ዚ ሓደ ኣቡን በርናባስ ዝተባህሉ ጳጳስ ኣብ ከባቢ ወደብ ኣይድሃብ (Aidhab) ኮይኖም ኣብኡ ንዝርከቡ ክርስቲያን ነጋዶ ክገልግሉን ካብኡ ሓሊፎም ናብ ሰሜናዊ ምድረ ኤርትራ እናተመላለሱ ንነባደ ብጋይ (ቤጃ) ወንጌል ክሰብኩን ብፓትርያርክ እስክንድርያ ስለ ዝተላእኩ፡ ኣብዚ ሰሜናዊ ክልል ኤርትራ፡ ብርቱዕ ምንቅ ስቓስ ሰባክያነ እምነታት ክርስትናን ምስልምናን በብወገኑ ተኻየደ። በዚ ይኹን ብወገን መራኽቢ የመን ኣቢሎም ዝነግዱ ኣስላም ኣብ ገምግም ቀይሕ ባሕርን ወሰናስን ክበሳን ምስ ክርስቲያን ተሳንዮም ይካየዱን ይነግዱን ነበሩ። ግዳ፡ ሓሓሊፉ ብገለ ነቓጻትን ተማጻረይትን ሕሉፋት ጉጅለ ኣስላም ፈለማ ብ759 ፈ. ኣብ ከባቢ ባርካ፡ ካብኡ ሓሊፎም ብ765 ፈ. ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኤርትራ ገንጺ ዝተሓወሰ ጸገማት ይፈጥሩ ከም ዝነበሩ ኣይስሓትን።

ብሓፈሻ፡ ካብ ሻብዓይ ሻምናይ ዘመን ንደሓር፡ ምትእትታው እምነት ምስልምና ቀጺሉስ ኣብ ገለ መኣዝናት ምድረ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ መንጎ ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ሓሓሊፉ ዝንቕ ሰዓብቲ እምነት ምስልምና ክርኢ ጀመረ።[25]

ኣብ መንጎ ምድረ ግብጽን ፈለግ ኒልን ካብ ዝነበሩ ሕዝቢ ብለሚ፡ ብ543 ፈ.ኣቢሉ ናብ ደቡብ ዝኣንፈቶም እናሰገሙ፡ ጸኒሖም ኣብ ሻብዓይ ዘመን ሓደ ሓያል ነገደ ብጋይ ኣቑሙ'ሞ ብሰሜ

25 I.E. p. 50-51. * A.M.E.H. 195-196.

ናዊ ባርካ ሓሊፎም ክሳብ ዝባውንቲ (ከበሳታት) ኤርትራ ብምዝርጋሕ ማዕበላዊ ዕልቕልቕ ሕዝቢ ወሓዙ። ካብ ኒላዊ መንግስተ ኣሎዲያ (Alodia ሱዳን) ሽነኽ ምብራኽ ክሳብ ወደብ ቀይሕ ባሕሪ ተቈጻጸሩዎ። ኣብዚ ምሕያል ብጋያውያን (ቤጃውያን) ሻብዓይ ሻሙናይ ዘመን ኢዩ ድማ ተለሚዱ ዝነበረ፡ ቋንቋ ግሪኽን ተረፍ መረፍ ባህልታቱን ፈጺሙ ዝውገድ፡ ብኡ ንብኡ'ውን ዕንወት ኣዱሊስ ይስዕብ።[26]

ክርስትና ኣብ ማእከል ንግስነት ቤጃ

ብ872 ኣቢሉ ኣብ ሰሜን ምዕራብን ምብራኽን ኤርትራ፡ ካብ ፈለግ ኒል ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ ሓሙሽተ ናጻ መንግስታት ከም ዝነበራ ኣል ያዕቆቢ ዝተባህለ ጸሓፊ ታሪኽ የዘንቱ። ንሳተን፡-

1. **ናቕስ** (ታንክሽ፡ ሕዳርብ) ብምዕራብ ካብ ዶብ ሱዳን ካብ ኒል ጥቓ ኣስዋን ክሳብ ታሕታይ ባርካ፡ ርእሰ ኸተማኣም "ሳገር" (ኣስላም ብንግዳዊ ጉዳይ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተቖሚጦም ነበሩ።)
2. **ባቕሊን** (ሮራ ባቕላ፡ በልጅን ባርካ) ብሰሜን ካብ ወሰን ሱዳን ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ ንኸባቢ ሳሕል ዝሸፍን ምድሪ ሮራን (ዝባውንቲ) ክፋል ባርካን፡ እዚኣቶም ንኣምላኽ ኣዝ ዛብኾር (Az- zabjir እግዚኣብሔር ዝብሉዎ።)
3. **ባዜን** (ባዛ፡ ባዝን፡ ኩናማ ናራ) ኣብ መንጎ መንግስተ ክርስቲያን ኑብያ ናይ ኣልዋን (Alwan) ክፋል ምድረ ባቕሊንን ዝሓዙ ጐረቤት ሕዳርብን ባርካን።
4. **ጃሪን (ያርን፡** ጊየርሲን Giorsin) ሰሜናዊ ምብራኽ ገማ ግም ቀይሕ ባሕሪ ካብ ባጽዕ ዝስሙ ከተማ ደንደስ ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ መወዳእታ ጫፍ ባርካን ካብ መንግስተ ባቕሊን ክሳብ ሓልኣድዱጃሕ ብሓጺሩ ምዕራባዊ

26 E.J.D. p. 119. * I.E. p. 48.

ግማግም ባሕርን ርሑቕ ሰሜናዊ ባጽዕን ዘጠቓልል።

5. **<u>ቆታ (ቆጣዕ፡</u>** Quata) ካብ ወሰን ባጽዕ ክሳብ ደቡባዊ ምብራቕ ደናድስ ተይሕ ባሕሪ፡ ወይ ፋይኩን (Faykun) ናይ ጃሪን ጨንፈር ናይ ብጋይ መወዳእታ መንግስቲ።

6. **<u>ባሕረ ነጋሲ፡</u>** ደድሕር'ዚአን፡ ማእከላይን ደቡባውን ከበሳ ታት ዝሓዘ ንግስነት ጸኒሑ ንምድረ ባሕር ብምምሕዳሩ፡ ባሕረ ነጋሲ፡ ንጉስ ባሕሪ (ንጉስ ባሕርን ምድርን ኤር ትራ) ዝስመ መዓርግ ዝነበሮ ኢዩ።

እዚኣቶም ካብ ሻሙናይ ክሳዕ ዓሰርተ ትሽዓተ ዘመን ባዕለ ምሕዱራት መንግስታት ወይ ስልጣናት ኮይኖም ጸንሑ። ጸሓ ፍቲ ታሪኽ ከም ዝገልጾዎ እዞም ዝተጠቕሱ መንግስታት (ስል ጣናት) ብባይቶኦም ብሸማግለታቶም፡ ገሊኦም ብስመያት መራሕ ቶም ይመሓዳደሩን ይነባበሩን፡ ከምኡ'ውን ዝተወሃዱ፡ ተባዓት፡ ብውግእ ዝሰልጠኑን ምሉእ ሓይሊ ዘለዎምን ኮይኖም በቲ ሸው ዝነበረ መሳርሒ ውግእ በላሕቲ ነገራት ጌርካ ምጥቃዕን ምም ካትን ብዝመሰለ ናውቲ፡ መንእሰያት ዝስልጡኑሉ፡ "ዳር ኣስ ሳዋ" (Dar as sawa) ዝብሃል ወተሃደራዊ መሰልጠኒ ነበሮም።[27]

ኣብ መወዳእታ ታሽዓይ ክሳዕ ዓስራይ ዘመን ነዞም ነገስ ታት ብጋይ (ቤጃ) ካብ መንጎ ዝረኣዩዎም ጸሓፍቲ ታሪኽ ሓደ ብ902 ፈ. ጽሑፈ. ታሪኽ· ዝዛዘመ ከም ዝመስከሮ ብጋያውያን (ቤጃውያን) ክርስቲያን ምንባሮም ከበሳታት ሓሊፎም ክሳብ ደቡብ መረብ ዓብላልነት ዘርኣዩሉ ዘመናት ከም ዝነበረን ዘምል ኹዎ፡ "ኣገ ኣብይር" ዝጽዋዕን፡ እዚ ብዘይ ውልውል ምስቲ "እግዚኣብሔር" ዝብል ቋንቋ ኣግኣዝያን ክርስቲያን ሓደ ከም ዝኾነን ፍልልይ ከም ዘይብሉን የረጋግጽ።[28]

[27] ዛ.ኤ. ገጽ 18። * AMEH. p. 207. * I.E. p. 50-51.
[28] A.M.E.H. p. 222.

ገለ ኽፋል፡ ቤጃውያን፡ ኣረማውያንኳ እንተ ነበሩ ብጽል ዋታት ክርስቲያን መንግስታት ማኩርያ (Makurra) ኣልዋ (Alwa)፡ ሓበሻ (Abyssinia) ኣብ መንጎ ዓስራይ ክሳዕ ዓሰርተ ሓደ ዘመን፡ ኣብ ማእከል ምድረ ቤጃ (ብጋይ) ከም ናይ ቅብጢ (coptic፡ ግብጺ) ተዋህዶ ክርስትና ኣስፋሕፊሑ ከም ዝነበረን ከምኡ'ውን ካብ ኤርትራ ክሳብ ስዋኪን ዝነበሩ ጸለምቲ ቤጃ ውያን ክርስቲያን ምንባሮምን፡ ብ1154 ፈ. ታሪኽ ዝጸሓፈን ካል ኣት ማእምራኑ ታሪኽ ሊቃውንትን በብዝጸሓፉዎ ይገልጹ። ኣብቲ ዘመናትቲ ቢለናውያን ተጸምቢሮሞም ነበሩ።

ብኣንጻርዚ ብጋያውያን (ቤጃውያን) ክፋል ክርስቲያን ክፋል ኣስላም ነይሮሞም ዝብሉ ጸሓፍቲኳ እንተ ነበሩ፡ ኣብ 1366-1442 ፈ. ዝነበረ ሓደ ጸሓፊ ታሪኽ ግን እቶም ምስልምና ተቐቢ ሎም ነይሮም ዝብሃሉ ገለ ካብ ማሕበረ ሰብ ሕዳርብ ወይ'ውን ቤት መዓላ ኾይኖም ንሳቶምውን እንተ ኾነ ንማለቱ ስማዊ ምስ ልምና እምበር ድኹም ስርዓታት እምነት ኢዩ ዝነበሮም ክብል ኣብሪሁ የረድእ።[29]

ብኻልእ መዳይ ካብ 1000 ዓ.ም ንደሓር ኣብተን መሸጣ ባሮት ዝነጣጠፈለን ማእከላት ንግዲ ዝነበራ፡ ዳህላክን ባጽዕን ብሳ ዕሪ ዝተሰርሓ ናይ ኣስላም ነጋድ፡ ኣንዱ ከም ዝነበራ ካብ ዓፋርን ሳሆን ድማ ዝተወሰኑ ጋንታታት ኣብ መበል 14 ዘመን ናብ ምስልምና ከም ዝኣተዉ ይንገር። እንተ ኾነ ኣዕራብ ንግብጺ ካብ ዝሓዙሉ መዋዕል (645 ፈ.) ጀሚሩ ኣብ ወሽመጥ ዓደንን ቀይሕ ባሕርን፡ ዝነበረ እስላማዊ ጸብለልትነት ሓይሊ ባሕሪ፡ ብፖርቱጌዛውያን ክሳዕ ዝተመኽተሉ መበል 16 ዘመን፡ ንዘመናት ዝኣክል ኣብ መላእ ኤርትራ እምነቱ ዝዓቀበ ዓብላልነት ክርስቲ ያን ነበረ።[30]

[29] I.E. p. 60-61, 141.
[30] I.E. p. 61.

ኣዕራብ ነጋዶ ኣስላም ብጥንታዊ መገዲ ነጋድ፡ ብሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣቢሎም መረብ ኣቋሪጸም ክሳብ ትግራይ እንተ በጽሑ፡ ዋላ'ውን ሓበሻ ንጉሰ ዳህላክ (ማሊክ) ጸግዒ መሪሕነት የመን ነጺጉ፡ ናይ ባዕሉ ናጻ መንግስቲ ኣቕሙ ብመገዱ ዝመላለሱ ኣስላም ነጋዶ እንተ ነበሩ፡ ብዘይካ ሒደት ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ደሴታቱን ናብ ምስልምና ዝኣተዉ ኣይተራእዩን።[31]

ከምቲ ኣቕዲሙ ዝተጠቕሰ ድሕሪ ጉዳይ ዕቕባ እቶም ቀዳሞት ሰዓብቲ መሓመድ፡ ኣብ ሻሙናይ ዘመን ድማ ኣብ ነበርቲ ወሽመጥ ባሕረ ዓደንን ደናድስ ቀይሕ ባሕርን እምነት ምስልምና ክተኣታቶ ምስ ጀመረ፡ ብኡ ንብኡ ኣብ ደሴታት ዳህላክ ሱር ሰደደ። ግዳ፡ ኣፍሪቃውያን ዘይኮኑ ወጻእተይናታት ሰበ ኽቲ ወይ ከኣ ኣዕራብ ምስ ገለ ደቀባት ከይኖም'ውን ምስልምና ክላልዩ እንተ ጀመሩ ዋላ ኣብ ፋርስን (ፐርሽያ፡ ኢራን) ቢዛንታይን (ሃገረ ቱርኪ) እምነት ምስልምና ዓብላሊ ምስ ኮነ ንግዳዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ሒዙም ብምምጻእ ካብ ታሽዓይ ዘመን ኣትሒዙ፡ ምስ ደቂ ምድረ ሓበሻ እናተሰማምዑ ዓውደ ንግዲ ኣብ ዘካይዱሉ ኽባቢ ከስፋሕፍሑ ኣብ ዝኽኣሉሉ ኽይተ ረፈ ክሳዕ ዓስራይ ዘመን፡ ኣብ ወሰናስን ቀይሕ ባሕሪ ይኹን ሓውሲ ደሴት ወሽመጥ ባሕሪ የመን (ዓደን) ሃይማኖት ክርስትና ሰፊኑ ነበረ። ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ግን፡ ኣብ ሳግም ሕብረተ ሰብ፡ ሓድጊ ኣረማውነት ኣይተረፈን። ኣብዚ መዳይ'ዚ ደሴት ዳህላክ መእተዊት ዕላዊ ሃይማኖት ምስልምና ኣብ ኤርትራ፡ ቀዳመይቲ ኣፍ ደገ ምኽና ይፍለጥ። ኣብዚ መንፈሳዊ ጉዕዞ ታሪኽ'ዚ ሓሓሊፉ ዕንቅፋት ይርከብ፡ ብገለ መኣዝናት ኤርትራ ዓጋቲ ዝኾነ ነገር ይፍጠር፡ ተጻብኦታት የጓንፍ ነይሩ ኢዩ። እዚ

31 C.E.A. p. 120.

ክብሃል ከሎ መበገሲኡ ጉዳይ ሃይማኖትኻ እንተ ዘይኮነ፡ ገሊኦም ነገዳት ኣብ ልዕሊ ኻልኦት ልዕልና ንምርካብ ብዝገብሩዎ ጐንጽን ናይ ጥቕምን በለጽን ህርፋን ዘምጽኦ ናይ ውሽጥን ወጻእን ወራራትን ዘመተታትን ኣብ ጐደና ምዕባለ ኽርስትና፡ ዓንቃጺ መሰናኽል ከም ዘጋጠመ ኣብ ብዙሓት መደበራት ክርስትና ኣሉ ታዊ ሳዕቤን ኣውሪዱ ዘይሓዊ በሰላ ከም ዝገደፈ ኣይክሓድን።

ዓለማውን መንፈሳውን ስልጣኔ ዝተመስረተለንን ዝማዕበለ ለንን ጥንታውያን ከተማታትን ማእከላዊ ክርስትናን ዝነበራ፡ ኣዱ ሊስ ቆሓይቶ - ቀዳማዊት መጠራ - ብዘጋጠመን ባህርያ ውን (ናይ ተፈጥሮ) ወራራውን ሓደጋታት ተደማሚሩ ኣብ ሻብዓይ ሻሙናይ ዘመን፡ በብሓደ ሃንደበት ዓነዋ፡ ሕዝበን ተመሲሑም ከይተደረሩ፡ ዘንበሩዎ ከየልዓሉ ወይ ዘልዓልዎ ከየንበሩ ድንገተ ሞት መጸም። ኣብ ከባቢኡን ዝነበራ ኣድባራትን ኣገልገለተንን ተሞድኡ፡ ስልጣኔኡን ናብ ካልእ ጊዜን ቦታን ተመሓላለፈ።[32]

ብጀንቂ ግእዝ ዝተጻሕፉ ትእምርተ መስቀልን ስም እግዚ ኣብሔርን ዝተቐርጸም መሻየጢ ዋጋ ዕዳጋን ምልክት ስልጣኔን ዝኾኑ ኣዋርቕ በራውርን ነሓስታትን ኣቕራሽ (ባጤራታት) ሽዑ ምስ ተረፉ ክሳዕ ቅርሽ ማርያ ቴፊዛ ብጐድኒ ናብ ምድረ ሓበሻ (ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ) ዝኣተዉሉ መበል ዓሰርተ ሸሞንተ ዘመን ንልዕሊ ሓደ ሺሕ ዓመት ምልውዋጥ ዋጋ ዕዳጋ ብንዋታዊ ነገርን (ኣቕሑ) ብሚዛን ወርቅን ብሩርን (ጌጻ ጌጽ) ኮይኑ ጸንሐ።[33/34]

ካብኡ ንደሓር ድማ ኢየን ማናቱ ወደባት ምጽዋዕን ሕርጊጎን ተካእትን ወረስትን ወደብ ኣዱሊስ ዝኾና።

ወደባት ምጽዋዕን ሕርጊጎን ብመንጽር ክርስትና

32 ኣ.ቤ.ታ. ገጽ 28። * ቤ.ክ.ታ. በመ. ዘ. ገጽ 17። * ኣፈ. ት. ገጽ 11። * E.Civ. p. 172. * E.Ch.I.H. p. 52.

33/34 E.Civ. p. 68.

ሳባውያን፡ ካብ ሓውሲ ደሴት ዓረብ ናብ ኤርትራ ክመጹ ኸለዉ፡ ፈለማ ኣብ ደሴታት ዳህላክ፡ ካብኡ ብንፋሱን ብዛሕሉን ይሓይሽ ናብ ዝበሉዎ ወሰናስን ቀይሕ ባሕርን ዝባውንቲ ኤር ትራን ደይቦም ንበዓል ኣዱሊስ ቆሓይቶ፡ መጠራ፡ ከስከሰ፡ ተኾ ንዳዕ ኣዐመሩን በብቑሩብ ናብ ኵሉ መኣዝናት ተዘርግሑን።

ሽዑ፡ ኣብ ዘዝሓለፉዎን ዘዝሰፈሩዎን ከባቢታት ነቲ ኣብ ደቡብ ዓረብ ዝነበሩዎ ቦታታት ኣመሳሲሎም ስም ዓድታትን ከባ ቢታትን ኣውጽኡ። ኣብ ምድረ የመን ዝርከቡ፡ ኣብዚ ዝተ ደግሙ ኣስማት ከም ኣብነት "ሰባት" ካብ ዝብል ስም፡ መርሳ ሳባ፡ ዓሰብ ምኻኑ እንተላይ ብስእለ ምድር (Map) ተግሊጹ ስለ ዝርከብ ቀዳሞት ንኣፍ ደገ ባሕሪ ዓሰብ ዝኸፈቱ ሳባውያን (ኣግኣዝያን ወሓበሻታት) ኢዮም ይብሉ ምሁራነ ታሪኽ። ምስዚ ተተሓሒዙ ብኣጸዋውዓ ግሪኽ፡ ግብጻውያን "ሳባቲኩም" መርሳ ሳባ (ወደብ ሳባ) ወይ መርሶ ሳባ፡ እዛ ናይ ሎሚ ግራር ምጽ ዋዕ'ውን ካብ ቀደም ትጥቀስ።[34/35]

ቀደም ኣዱሊስ ንቑንዲ ቑንዲ ሸቑጣት ዕላዊት ኣፍ ደገ ባሕሪ ክትከውን ከላ ሽዑ ወደብ ምጽዋዕ ሕርጊጎ መስለኸ መስ ኩተ ባሕር፡ ወይ ሕጓ ከም ዝነበረ ይእመን። ድሕሪ ዕንወት ኣዱሊስ ካብ ታሽዓይ ዘመን ንደሓር ግን፡ ከተማታት ምጽዋዕ ሕርጊጎ ቑንዲ ኣፍ ደገ ባሕሪ ኾና።[35/36]

ከተማ ምጽዋዕ፡ ካብ ቀደም ኣትሒዛ ብወጻእተይናታት ከይተ ረፈ ኣውራ'ኳ ብኣዕራብ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝተነግረላ ውርይቲ ወደ ባዊት ከተማ ነበረት። ኣል ያዕቆቢ ዝተባህለ ዓረባዊ ጸሓፍ ታሪኽ፡ "መጽሓፈ ሃገራት" (Kitab al Buldan) ኣብ ዝብል ብ891-892 ፈ.. ዝጸሓፎ ነቲ ብደቀባት ትግረ "ባጽዕ" ዝብሃል ብዝተመዛበለ ቓል "ባዲዕ" ኢሉዎ ይብሉ። ብኻልኣ መዳይ ግን ብትግረ "ባጽዕ" ብበደዉ "ባዲዕ" ኢያ ትብሃል ይብሉ። ኣል

34/35 ህ.ደ.ኤ. ገጽ 286።

35/36 ኣፈ.. ቅ. ገጽ 14፡71።

መስዑዲ ዝተባህለ ተንታኒ ታሪኽ ብወገኑ፡ ብ935ፈ.. "ናስዕ" ይብላ። ንሱ'ውን "ናስዕ" ኣስላም ከም ዝነበሩዋ ግን ከኣ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ክርስቲያን ሓበሻ ምንባራ ይገልጽ። (ኣብ ትሕቲ ንጉስ (መሊክ) ዳህላክ ዝኾነት ኣብ 14-15 ዘመን ኢያ)።[36/37]

ሓደ ናይ ዓስራይ ዘመን ፍጻሜ ዝገልጽ፡ ብጆንቋ ግእዝ ዝተጻሕፈ ክልተ ዛንታታት ተጠቓሊሉ ከምዚ ዝስዕብ ይት ርጕም። (ጽግዕኹ) "... ዮዲት በልሳነ ትግራይ ትሰመይ ጕዲት፡ ወበኣምሐራ ትሰመይ እሳቶ፡ ወበልሳነ ኖልጣል ትሰመይ ጋዕዋ..." "ዮዲት፡ ብጆንቋ ትግርኛ ጕዲት ትብሃል፡ ብኣምሓርኛ እሳቶ፡ ብጆንቋ ጠልጣል (ደንካልያ ዓፋር) ድማ ጋዕዋ ትጽዋዕ (ሳጓኣ) እንዳ'ዲኣ ሓሓይለ (ምብራቕ ዓድዋ፡ ትግራይ) ጓል'ቲ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ነገስ ዝቐተሉዎ ኣይዙር ዝብሃል ወይ ጓል ጓሉ፡ ንንጉስ ውድም ኣስፈሬ ኮይና፡ ምግቢ ዕለት ምስ ሰኣነት ብፋይቶትነት ክትናበር ናብ ኣኹሱም ኣተወት። ኣብኡ ሓደ ወዲ 20 ዓመት ዛቕናይ ምስ ኣፍቀራ ወርቂ መጋረጃ ናይ ኣኹሱም ጽዮን ብማዕረ እግራ ቐዲዱ፡ ሳእኒ ገበረላ፡ እዚ ነገር'ዚ ምስ ተፈልጠ፡ ክልቲኦም ተታሒዞም፡ ንሱ ብዕድመኡ ናጻ ክልቀቕ ከሎ ንዓኣ ግን ኣጥባታ ቑሪጸም፡ ካብ ሃገር ክትለቀቕ ፈረዱዋ። ብምኽንያት'ዚ ብወሰናስን ባሕረ ኤርትራ ኣቢሎም ከሳብ ዶብ ግብጺ ሰግጉዋ'ሞ፡ ኣጋጣሚ ኾይኑ እምነት ኣይሁድ ዝነበሮ ዘኖቢስ ዝብሃል ወዲ ንጉስ ሃገረ ሻም (ዓረባዊ ስም ሃገረ ሶርያ) ተራኸባ። ድሕሪኡ እምነቱ ተቐቢላ፡ ሕነ ኽትፈዲ ብዙሕ ለመነቶ። ሽዑ ንሱ ሰራዊቱ ኣኽቲቱ፡ ምስኣ ብመርከብ ተበጊሶምን ተጓዒዞምን ፈለማ ኣብ ምጽዋዕን ድኾኖን (ደከናሞ፡ ዓዲ ኮኖ፡ ድኾኖ፡ ሕርጊጎ) ኣዕሪፎም ቀነዩ። ንሳ፡ ኣብኡ ኮይና ንእንዳ'ዲኣ ተቐ በሉኒ ኢላ ምስ ለኣኽትሎም፡ ንሳቶም ብመገዲ ዓሳውርታ (ደቡብ ኤርትራ) ኽመጹ፡ ንሳ ሓድሽ ብዝወጸ መገዲ ባጽዕ ኣቢላ ኽትከይድ ኣብ ስለኾ ተራኸቡ። ካብኡ እንተላይ ነቲ ጥበ በይናታት ጽርኢ (ግሪኽ) ብብዙሕ ገንዘብ ዝሃነጽዎ ሓወልቲ ወሲኻ ንኹሉ እቲ ኽተማ ኣዕነውቶ፡ እዚ ብ910 ዓ.ም ግእዝ ኮነ

36/37 ገ.ባ.ኤ. ገጽ 37-39።

ይብል።[37/38] (ካብዚ ዝድለ መረዳእታ ህላዌ ወደባት ምጽዋዕ (ብስሉኹ አቢሉ) አብ ዮዲት፡ አብ ሓወልቲ ኣኹሱም ዘሎ አብዘይ መዋዕሉን ዘይባህርዩን ዝዝረብ ጽዋታት ንምንጻር ኢዩ።)

አብ ጊዜ ፊልጶስ ጻድቕ (14 ዘመን) ባጽዕ አብ ትሕቲ ንጉስ (መሊክ) ዳህላክ ሥዩመ ባሕር (ሽ'ም ባሕሪ፡ ንጉስ ቀላይ) ኮይና ብንጉስ ዳህላክ ዝተወከለ ናይብ አብዛ ኽተማ ኾይኑ ቐሪጽ (ግብሪ) ይእክብ እንተ ነበረ'ውን፡ ምጽዋዕ ትኹን ከባቢኣ ገማግም ባሕርን፡ ኢዳ ብምሉኦም ክሳብ ደንከል ዝነበሩ ሓዙ፡ ክሳብ ወሽመጥ ኢራፋይለ ሓውሲ ደሴት ቡሪ ክሳብ ዙላ ዝነበሩ ዓሳውርታ ቶርዓ መብዛሕትኦም ክርስቲያን ነበሩ። ብገዳም ደብረ ቢዘን ዝምራሓ አርብዓን አርባዕተን (44) አብያተ ክርስቲያን'ውን አብ ወሰናስን ባሕሪ በብቦታኡ ፋሕ ኢለን ተሃኒጸን ነበራ።[38/39]

አብ ክፍላ መበል 15 ዘመን ደሴታት ዳህላክን ባጽዕን ብኽ በሳ ባሕረ ነጋሲ ብቐላይ መሊክ እናተመናጠሉ በብእብረ የመሓ ድሩወን አብ ዝነበሩሉ እዋን ፖርቱጌዛውያን ገያሾ ንፈለማ ጊዜ ብ1517 ፈ.. ባጽዕ ክአትዉ ኽለዉ አብያተ ክርስቲያን ዘለዋእን አብ ሕርጊጎ ዝቐመጥ ወኪል ባሕረ ነጋሲ ዘመሓድራን ዕምርቲ ኽተማ ኾይና ጸንሓቶም።[39/40]

ድሕሪ 3 ዓመት ብ1520 ፈ.. አብ ከተማ ሕርጊጎ ዑደት ዝገበሩ ፖርቱጌዛዊ አልቫሬጽን ካልኦትን ከኣ ከተማ ሕርጊጎ መንበራት ብዙሓን ሕዝበ ክርስቲያን ኮይና ከም ዝረአዩዋን አመሓዳሪ እታ ኽተማ ብወገኑ አብ ሕርጊጎ ዝነብሩ ኩሎም ክርስቲያን ምኻኖም ከም ዝገለጸሎምን ብጽሑፈ ታሪኾም የዘንትዉ።[40/41]

አብ ልዕል'ቲ መስመር ባሕረ ህንድን ቀይሕ ባሕርን ንምቑጽጻር ዝነበሮም ባህጊ፡ ንሓገዝ እቶም ብመሓመድ ግራኝ ይስገሩ

37/38 H.E.T. p. 80, 83.
38/39 A.M.E.H. p. 226-228.
39/40 ገ.ባ.ኤ. ገጽ 48። * CARLO CONTI ROSSINI il Gadla Filpos e il Gadla Yohannes di Debra Bizen. vol. 5, 1900 P. 64, 106 No. 39, 161.
40/41 ገ.ባ.ኤ. ገጽ 49።

ዝነበሩ ሓጸይ ልብነ ድንግል ንጉስ ኢትዮጵያ ኽብሉ ዝመጹ ተወሰኽቲ ሓይሊ ፖርቱጌዛውያን ወርሒ ሚያዝያ 1520 ናብ ባጽዕ ክአትዉ ኽለዉ ሕዝቢ'ታ ኽተማ ምስ ሃደመ አዛዚ'ቲ ኽፍለ ሰራዊት ካብ'ተን ነጋዶን ተቐማጦን ከተማ ባጽዕ፡ ሒደቶይ አስ ላም ዝጥቀሙለን ዝነበራ አብታ ቐንዲ መስጊድ ጸሎተ ቕዳሴ ከብጽሑን ብስም ደብረ ጽንሰታ ለማርያም ክትጽዋዕን አዘዙ። ብድሕር'ዚ ምስ መንግስቲ ሃገሩ ተለኣኢኽ፡ ቤተ መንግስትን ቤተ ክርስቲያንን ሰርሐ'ሞ አብ ዓመቱ ብ1521 ፈ.. ተፈጸመ ብዕድመ ፖርቱጌዛውያን ድማ ግብጻዊ ጳጳስ አብ ቤተ ክርስቲያን ሓበሻ አቡን ማርቆስን ሓገዝ ፖርቱጌዛውያን ዝተጸበዩ ሓጸይ ልብነ ድንግልን አብቲ ጽንብል ተኻፈሉ። ሽዑ፡ አቡን ማርቆስ አብ ዕርድ ታት ምጽዋዕ ቤተ ክርስቲያን ምስርሑ ነቲ ፖርቱጌዛዊ ግብጣን (ካፕቴን Capten) ብዓይኒ ኽብሪ ረኣዩዎ። ልብነ ድንግል ግን ኣይኮነሎምን'ምበር ወደባት ባጽዕን ካልእን ክቈጻጸሩ ትም ኒት ነበሮም።

አብ መንን'ዚ ፖርቱጌዛውያን ክፋሎም ናብ ከበሳ እናተጓዕዙ ኽለዉ፡ ልኡኽን ኣማኻርን ሰራዊት ፖርቱጌዝ፡ ማቴዎስ ዝተባህለ ኣርመንያዊ አብ መጣዲ ዓሪፉ አብ ደብረ ቢዘን ተቐብረ።[41/42] እታ ብኣዕጻው ዝተሰርሐት ቀጠልያን ሽሮዋይን ሕብሪ ዝተለመጸት ቤተ ክርስቲያን ምጽዋዕ ግን ጸኒሓ አብ ኢድ ቱርካውያን ወደቐት።[42/43]

ግራኝ መሐመድ፡ አብ ኢትዮጵያ አብያተ ክርስቲያን እና ዕነወን ንዋያተ ቅድሳት እናበላበሰን ናብ ኤርትራ ምስ ሰገረ፡ ሓሓሊፉ ብሃንደበት አብ አብያተ ክርስቲያን ጉድኣት የውርድ'ኳ እንተ ነበረ፡ ብርእዮ አብ ዝመጸሉ ግን ብፍላይ አብ ዞባ ደቡብ ተደጋጋሚ ስዕረት የጋጥሞ አብ ዝነበረሉ ጊዜ፡ ጸግዒ ቱርኪ ደልዩ ብ1535 ፈ.. ናብ ባጽዕ ገጹ ክሃድም ከሎ፡ ከተማ

41/42 H.E.T. p. 83.
42/43 E.J.D. p. 126. * H.E.T. p. 84-85.

ሕርጊነ መንበሪት ብዙሓን ክርስቲያን ነበረት።[43/44]

መዛዘሚ ካልኣይ ምዕራፍ

ብሓፈሻ ካልእ ዕንቅፋታትን ተጻብኦታትን ገዲፍካ ዋላ ምስ ምምጻእ ምስልምና ኣብዚ መዋዕል'ዚ እንተ ኾነ'ውን ዓብላልነት ሃይማኖት ክርስትና ዝተዓቀበ ኢዩ ነይሩ፡ እንተላይ 1000-1100 ዓ.ም ምናዳ ኣብ ደቡባዊ ዞባ ኤርትራ ገዳማት ይቕማ ጕዕዞ ክርስትና ይቕጽል ከምኡ ኢሉ ኽኣ ይሰጋገር። ድሒሩ ከም ዝርኢ ቕልጡፍ ዝርጋሐን ጽዑቕ ሰዓብትን ምስልምና ኣብ ፈለማታት መበል 18 ዘመን ኢዩ ዝኸሰት።[44/45]

ኣብዚ መዋዕል'ዚ ዝነበረ ጕዕዞ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ተጠ ቓሊሉ ክርኢ ኽለ፡ ከምቲ ቅድምን ድሕርን እዚ ጕዕዞ'ዚ ዝተ ጋህደ ፍጡን (ቅልጡፍ) ምዕባለ ብዝርዝር ተመዝጊቡ ዘይርኢ የሉ፡ ህሰስ ዝበለ ኽፍለ ዘመናት ኮይኑ፡ ቀንዲ ነገሩ ብህድኣት ብምስጓም ንዘጋጠመ ጸገም ብምምካትን ነቲ ዝጸንሐ ብምዕቃብን ከም ዝተሓለፈ ይግምገም።[45/46]

ብዝኾነ ንኹሉ መሰናኽል ሰጊረን ዝሓለፋ ገዳማትን ኣድባራ ትን ነቲ ግስጋሰ ኽርስትና መሊኣናኦ፡ ናብ ዳሕረዋይ ዘመን ኣሰ ጋጊረናኦን ንመጻኢ ትውልደ ትውልድ ኣውሪሰናኦን ኢየን። ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲነን ዝወጻን ምስ ብድሕሪኦን ዝተመስረታ ገዳ ማት ብጽተን ብህላዌ ዝተሓወሳን ገዳማት ደብረ ሲናን ኣሃም ደብረ ወርቅ እንዳ'ባ ሊባኖስን ብኣብነት ይጥቀሳ።[47]

43/44 E.J.D. p. 166.
44/45 C.H.A vol. 3 p. 175.
45/46 C.H.A. vol. 3 p. 103-108.
47 ኣ.ታ. ገጽ 142።

ሳልሳይ ምዕራፍ

ቤተ ክርስቲያን ካብ 12-16 ዘመን

ምዕባለ ገዳማት ኤርትራ

ኑባሬ ገዳም (ገዳማዊ መነባብሮ) ግብረ ብሕታዊ ስርዓተ ምንኵስና (ፍልስና) ናብ ሃገርና ኣብ ኣጋ እቲ ኣብ ግብጺ ዝተ መስረተሉ ዘመን ብኡ ንብኡ ከይደንጐየ ከም ዝተኣታተወ፡ ቅድሚ'ቶም ኣብ ምድረ ኣግኣዚት፡ ማሕበራዊ ስርዓተ ገዳም ኣስፈናም ዝብሃሉ በዓል ኣቡነ ሊባኖስ፡ ኣባ ዮሓኒ፡ ተስዓቱ ቅዱ ሳን ከም ዝጸንሐ ካብ ዘመልክቱ መረዳእታታት ብ319 ፈ. ኣቢሉ ገዳማት ግብጺ ዝበጽሐ ጳላድዮስ ምስ ኣባ ሙሴ ዝተባህሉ ዓቢይ መነኰስ ሓበሻ ከም ዝተራኸበን ድሕር'ዚ ብዙሓት ሰዓብቲ (ኣርድእ ኣት፡ ደቀ መዛሙርቲ) ሓዲጎም ኣብ 75 ዓመት ዕድሚኦም ከም ዝዓረፉን ይገልጽ።

ቅዱስ ኢዮራም (ሂሮኒሙስ፡ Jerome ራብዓይ ዘመን) ብወገኑ፡ ኣብ ቤተ ልሔም (ሃገረ ኢየሩሳሌም) ከለ ካብ ኵሉ መኣዝናት ዓለም ካብ ዝመጹ ነጋድያነ ኢየሩሳሌም ብዙሓት መነኰሳት ደቂ ምድረ ሓበሻ ከም ዝነበሩዎም ኣብ ጽሑፉ ኣስፈሩዎ ይርከብ።[1]

ስርዓተ ምንኵስና ኣብ መንጎ ራብዓይ ሻዱሻይ ዘመን፡ ብኽባቢ ኣህጉረ መዲተራንያን ወይ ሂሌኒካዊ ክፍለ ዓለም ኣውራ ኽኣ ብግብጽን ሶርያን ኣቢሉ በብኣዋኑ ከም ዝመጸን ከም ዝተለ ምደን ጽሑፋት ብራና ኣግኣዚት ቤተ ክርስቲያንን ወጻእተይናታት ጸሓፍቲ ታሪኽን የረድኡ።

1 H.C.Ch.E. p. 35-36.